# ገሊኡ ብገርሁ ገሊኡ ብጉርሑ

## ኣብ ትግራይ ወረዳና ይመለሰልና ሕቶ፣ ዴሞክራሲያዊ ናይ መሰል ሕቶ እኳ እንተኾነ፣ ዘይፍትዓዊን ፀረ ልምዓትን እዩ፡፡



ካብ ህዳሰ ኢትዮጵያ
ሚያዝያ 30፣ 2008 ዓ.ም.
መቐለ

Contents ትሕዝቶ


1 መእተዊ ....................3
2 ታሪኻዊ መግለፂ መንነት ህዝቢ ትግራይ....................4
3 ኣጀማምራ ቃልሲ ህዝቢ ትግራይ ውፅኢቱን ....................6
4 ኣካልላ ምምሕዳር ትግራይ ....................10
5 ናይ ህዝቢ ውግንና ዘይብሎም ስርዓታት ኣካልላ....................11
5.1 ብሃፀይ ሃ/ስላሴ ጊዜ....................11
5.2 ብደርጊ ጊዜ ....................13
5.3 ናይ ክልቲኦም ስርዓታት ኣካልላ ምሕደራ ትርጉሙ....................14
5.3.1 ብፖለቲካዊ መዳዩ....................14
5.3.2 ብማሕበረ ኤኮኖሚ መዳዩ....................15
6 ናይ ህዝቢ ውግንና ዘለዎ ኣካልላ....................16
6.1 ኣካልላታት፣ ምምሕዳራት ገፀር ትግራየ ኣብ 70ዓታት 80ታትን....................16
6.2 ብብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ዝተገበረ ኣካልላ....................19
6.3 ኣብ 1987 መወዳእታ ዝተገበረ ናይ ወረዳታት ምትዕርራይ ....................20
6.4 እዚ ኣካልላ ኣብ ልምዓት ዘለዎ ፋይዳ....................24
7 እዚ ብክልል ደረጃ ዘለዎ ፅልዋ እንታይ ይመስል?....................27
8 ናይ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ኣወዳድባ ዘርከቦ ረብሓ ....................29
9 ክኾን ዘለዎ ....................30
10 ኣብ ክሊ ወረዳና ይመለስ ዝብል ሕቶ ክህሉ ዝኽእል ኣሰላልፋ ....................32
10.1 ፃምእ መሰረተ ልምዓት ዝወለዶ....................32
10.2 ዕዳጋ ዝወሓዶ ....................33
10.3 ትርፍራፊ ቢሮክራሲ ዝፅበ....................33
10.4 ዕሉል ፅግዕተኛ ክራይ ኣካቢ ....................34
11 መንግስትን ውድብን ክገብርዎ ዝግባእ....................35

# 1 መእተዊ

ህዝቢ ትግራይ ድሕሪ መሪር ብረታዊ ቃልሲን ከቢድ መስዋእትነትን ማዕርነታዊን ዴሞክራሲያዊን መሰላቱ ኣኽቢሩ ባዕሉ ንባዕሉ ምምሕዳር ካብዝጀምር እነሆ ርብዒ ክፍለ ዘመን ኣቑጺሩ ኣሎ። ኣብዚ ናይ 25 ዓመት ናይ ሰላም፣ ዴሞክራሲን ልምዓትን ጉዕዞ ሕገመንግስታዊ ስርዓት ሃኒፁ፣ 5 ዴሞክራሲያዊ፣ ነፃን ብህዝቢ ተኣማኒነት ዘሕደረ መረፃታት ብምክያድ ህዝባዊ መንግስቲ መስሪቱ፣ ኣብ ልምዓት መዳይ እውን ካብቲ ብደርጊ እዋን 60% ህዝቢ ትግራይ ኣብ ትሕቲ መሪር ድኽነት ዝነብር ዝነበረ ሐዚ ናብ 22% ክወርድ ብምግባር ኣብ ኩሎም መሰረተ ልምዓታት ትምህርቲ፣ ጥዕና፣ ማይ፣ መንገዲ፣ ስልኪ፣ መብራህቲ፣ መፍረይነት ሕርሻ፣ ወዘተ ኣብ ኩሎም መዳያት ዋላ ከምቲ ዝሓሰብናዮ ኣይኹን እምበር ቀልጣፋ፣ ፍትሓዊን ተኣምራዊን ክበሃል ዝኽእል ለውጢታት ኣመዝጊቡ እዩ። ክራይ ኣካብነት ኣተሓሳስባታት ኣብ ምቅላስ እውን ኣብ ገጠር መሰረታዊ ለውጢ ዝመፀ እንትኾን ኣብ ከተማታት ግን ዋላ ነዊሕ ርሕቀት ይከየድ እምበር መሰረታዊ ዝበሃል ለውጢ ገና ይተርፎ እዩ።

ፀገማት ሰናይ ምምሕዳር እውን ኣብኩሉ ከባቢታት ማለትውን ገጠርን ከተማን ቁልፊ ማሕንቆ ኮይኑ ፈጢጡ ወሲኡ ኣሎ። መንግስትን ውድብን እዚ ቀንዲ ፀገም ንምፍታሕ ሰፋሕቲ ፃዕርታት ይገብሩ ኣለዉ። መጀመሪያ ናይ ባዕለይ ፀገም ባዕለይ ክግምግምን ክነቅፍን ኣለኒ ብምባል ኣብ ዝሓለፉ ኣዋርሕ ሰፋሕቲ ስራሕቲ ተሰሪሖም እዮም። ብመሰረት ናይ ውሽጢ ውድብ ገምጋምን ምንቕቃፍን፣ ብመሰረት ውሳነታት 12 ጉባኤ ውድብና ናብ ህዝቢ ብምቕራብ ህዝቢውን ነቲ ናይ ውድብን መንግስትን ገምጋም ከምዝሎ ተቐቢሉ፣ ዝውሰኽ ወሲኹ ምስ ውድቡን ምስ መንግስቱን ናብ ተግባር ኣትዩ ኣሎ።

ኣብዚ እዋን እዚ ግን ኣብ መንጎ ህዝብን መንግስትን ክፍተት ተፈጢሩ እዩ ብዝብል ጉጉይ ገምጋም፣ ኩሎም ፀበብቲ ሓይሊታት፣ ትምክሕቲ ሓይሊታት፣ ኣክረርቲ ሓይሊታትን ክራይ ኣከብቲ ሓይሊታትን ካልኦት ኣሸበርቲ ውድባት ካብ ሻዕብያ ትእዛዝ ብምቅባል “ረኺብናያ ሰኣንናያ ሎሚ እያ” ብዝብል ኩሎም ብሓደ ግንባር ብምፍጣር ነቲ ጉዕዞ ሰላም፣ ልምዓትን ዴሞክራሲን ንምዕንቃፍ ቆሪፆም ተላዒሎም ኣለው። እዚውን ኣብ ኩሉ ከባቢታት ሃገርና ካብ ማስተር ፕላን ናይ ኣዲስኣበባ ጀሚሩ፣ ተመሊሱ ኣብ ዝሓደረ ናይ ማንነት ሕቶ ደንገርገር ብምፍጣር፣ ናይ ዶብ ሕቶታት ኣደናጊርካ ብምቅራብ፣ ተቐቢሩ

ዝነበረ ናይ ፀቢብነትን ከባቢያዊነትን ሕቶታት ብፍላይ ኣብ ክልልና ካብ መቃብር ብምውፃእ ንህዝቢ ከደናግሩን ነቓፅ ክፈጥሩን ፀዓርዓር እንትብሉ ይረአ ኣሎ። እዚ ሓደገኛ ኣካይዳ ፀረ ህዝቢ ሓይልታት ብዋዛ ፈዛዛ ምርዓት ዋጋ ዘኽፍል ብምዃኑ ኩሉ ፈታዊ ዓዱን ፈታዊ ህዝቡን ዝኾነ ዜጋ ስኽን ኢሉ ክሪኦን ዴሞክራሲያዊ ብዝኾነ ኣገባብ ክቃለሶን ይግባእ። እዚ ስርዓት እዚ ድሕሪ ናይ ዘመናት ናይ ህዝቢ ቃልሲ ዝመፀ ከቢድ መስዋእቲ ተኸፊልዎ ዝመፀን መዐንደሪ ፀረ ህዝቢ ክኾን ስለዘይብሉን ምዃኑ ብምግንዛብ ኣብዚ ዴሞክራሲያዊ ቃልሲ እጃመይ ከወፊ ብዝብል እዚ ፅሑፈይ ኣዳሊየዮ ኣለኹ። ቀንዲ ዕላማ ፅሑፈይ ኣብክልልና ሐዚ ውጥም ቅልቅል ዝብሉ ዘለዉ ናይ ከባብያዊነትን ወረዳና ይመለሰልናና ሕቶታት ብመንፅር ልምዓትናን ጉዕዞ ህዳሴናን እንታይ ትርጉም ከምዘለዎ ተንቲንካ ንምቕራብ እዩ።

ቀንዲ ትሕዝቶ እዚ ፅሑፍ ከዓ ታሪካዊ መግለፂ መንነት ህዝቢ ትግራይ ኣብ ዝሓለፉ 3000 ዓመታት ብሓፂሩ፣ ኣጀማምራ ቃልሲ ህዝቢ ትግራይን ዝረኸቦም ዓወታትን፣ ኣካልላ ጂኦግራፊያዊ ምምሕዳር ትግራይ ካብ ዘመነ ሃ/ስላሴ ክሳብ ሎሚ ዘሎ፣ ትንተና ኣርባዕቲኦም ኣካልላታትን ንልምዓት ዘለዎም ፋይዳን፣ ሐዚ ዝለዓሉ ዘለዉ ሕቶታትን መበገሲኦምን ከምኡውን ንቕድሚት ክኾን ዝግበኦን ዝብሉ ዝሓዘ እዩ።

እዚ ፅሑፍ ከም ሓደ ግዱስ ትግራዋይ መጠን፣ ነፃ ኮይነ ዝመሰለኒን ዝኣምነሉን ብዘይምንም ስግኣትን ፅዕንቶን እዚ ክፅሕፍን ሓሳበይ ክገልፅን ምኽኣለይ ዕግበት ይስማዓኒ። ክብርን መጎስን ነቶም ጉርዲ ዘይትንክፎም ሰማእታትና፣ ክብርን መጎስን ነዘቲ ካብ ህዝቢ ልቢ ዘይፎሓቕን ኩሉጊዜ እናዘከርናዮ ንነብር ክቡር መራሒና ነበር መለስ ዜናዊ፣ እናበልኩ እዚ ፅሑፈይ ክተንብብዎን ክትመያየጥሉን ይዕድም።

በዚ ኣጋጣሚ ሓደ ሓደ ሓበሬታ ሓቲተዮም ንዝሃቡኒ መንግስታዊ ቤ/ፅታት፣ ኣፅሩኽተይን ብፆተይን ከመስግኖም ይፎቲ።

እዚ ብምግባረይ  ናይ ባዕለይ ኣረኣእያን መርገፂን ከምዝኾነ ክሕብር ይፎቱእምበር

## 2 ታሪካዊ መግለፂ መንነት ህዝቢ ትግራይ

ቅድሚ ኣሽሓት ዓመታት ዓለምና በፂሓቶ ኣብዝነበረት ናይ ስልጣኔ ጫፍ ሃገርና ኢትዮጵያውያን ካብተን ስልጡናተ ዝነበራ ሃገራት ሓንቲ ከምዝነበረት ናይ ታሪክ ዓሻራታትና ይሕብሩ። እዚ ከዓ ሓደን ናይ መጀመሪያ መለለይ ገፅታ ሃገርና እዩ። ኮይኑ ግና እቲ ሽዑ ዝነበረ ልጣነን ንጥቀመሉ ዝነበርና ቴክኖሎጂን ክቅፅል  ኣይከኣለን።

ከም ናይ ታሪክ ኣሻራታትን ቅርስታትን ዝሕብርዎ እንተኾይኑ፣ እቲ ዝነበረ ስልጣን ክሳብ ቀዳማይ ሚልንየም ዝቕፅል ዝነበረ እንትኾን ካብ መጀመርታትን 2ይ ሚልንየም ጀሚሩ ግን ከምዘይቀፀለን ኢሉውን ንድሕሪት ከምተመልሰ እዩ ዝሕብረና። ካብ መጀመርታትን ካልኣይ ሚሊንየም ክሳብ መወዳእታት 2ይ ሚሊንየም ብፍላይ  ድማ ካብ ዘመነ መሳፍንት ጀሚሩ  እቲ ናይ ድሕርሕሪት  ጉዕዞ ተፋጢኑ ኣብ ዘመነ ደርጊ ናይ መወዳእተ ብርኩ በፂሑ ነይሩ።

ሃገርና ብስልጣነን ዕብየትን ካብ ዓለምና ትፍለጥ ከምዘይነበረት ኣብ ምብሓት 3ይ ሚሊንየም (1960ታት ጀሚሩ ) ግን ፣ኣብነት ናይ ድኽነትን ድሕረትን ከምዝነበረት፣ ብዘይ ረድኤትን ሓገዝን  ከም ሃገር ጠጠው  ክትብል ዘይኽልን ናይ ዓለምና ጭራ ዝነበረት ሃገር እያ። እዚ  እቲ ሓደን መሕፈሪ መንነትናን ንቅድሚትውን  ኣብ ታሪክ ተመዝጊቡ ዝንበር ገፅታ ሃገርና እዩ። እዚ ከምዚ  እናሃለወ ግን ሃገርና ዋላውን  ኣብ ምሒር ድኽነትን ድሕረትን እናሃለወትውን እንተኾነ ንዝመፁ  ናይ ባዕዲ ተፃብኦታትን ወራራትን ግን ተምበርኪኻ ዘይትፈልጥን እኳ ዳኣስ ናይ ምድርን ሰማይን ዘመናዊ ኣፅዋር ክሳብ ኣፍንጫኦም ተዓጢቖም ንዝመፁ ባዕዳዊ ወራራታት ኣሕፊራን ኣዋሪዳን ትመልስ ብሕታዎት ኣፍሪካዊት ሃገር ምኳና ድማ ሓደ ንኾርዐሉ ንሕበነሉን ታሪክና እዩ።

ሃገርና ኣብ መበል 20 ክ/ዘመን ትፍለጠሉ ካልእ መልክዓ ድማ ኲናት ሕድሕድ እዩ። እዚውን ናይ ዝተፈላለዩ ብሄርብረሰባትን ህዝብታትን ናይ ዝተፈላለዩ እምነታት ሃገር ከምኳና መጠን ነዚ ዝምጥን ኣተሓሕዛን ምትእንጋድን ስለዘይነበራ፣ ንዝለዓሉ ሕቶታት ህዝቢ ኣንፊት ንምቅያር ሓደ ጊዜ እቲ ህዝቢ ነኒባዕሉ ክጋጮ ካሊእ ጊዜ ድማ ባዕሎም ገዛእቲ ህዝቢ ንምብርካኽ ብዝወልዕዎ ኲናትን ጭፍጨፋን ሃገርናን ህዝብናን ናብ ምሒር ድሕረትን ድኽነትን ክትኣቱ ተገይሩ እዩ። እዚ ታሪክ ኲናት ሕድሕድን ዘይምርግጋዕን ድማ ሓደ መሕፈሪ መግለፂ መንነትና እንትኾውነ ምስ እዚ ተኣሳሲሩ ዝረአ ድማ ንምንነቱን ንመሰሉን ዝቃለስ፣ ኣብ ሊዕሊኡ ዝበፅሑ ዝነበሩ ወፅዓታትን መግዛእቲን ኣሜን ኢሉ ዘይተቀበለን ንዘመናት እናተቃለሰ ዝመፀን ህዝቢ ምኳኑ ድማ ካሊእ ዘኩርዕን ዘሕብንን ታሪክ ሃገርና እዩ።

ጥቅልል ኣቢልካ እንትርአ ኣብ ስልጣነ ማማ ዝነበረትን ናብ ድሕረት ተመሊሳ ኣብነት ድኽነትን ድሕረትን ኣብ ምኳን ዝበፅሐት ሐዚ ድማ ምትሳእ ዝጀመረት ሃገር፣ ንዘመናት ኣፈላላያት ብኣግባቡ ምትእንጋድ ኣብዮዎ ናብ ኵናትን ዘይምርግጋፅን ኣትያ ጥሒላ ዝፀንሐት ሃገር እናሃለወት ውን ንዝመፁ ናይ ደገ ተፀባእቲ ብፅንዓትን ብሓድነትን ብወነን

እናመከተት ክብራ ሓለያ ዝፀንሐት ሃገር፣ ከምኡውን ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ዝወረዱ ወፀዓታት ህዝባ ኣሜን ኢሎም ዘይተቀበሉን ንመሳሎም ዝቃለሱን ኣብ መወዳእታ ካብ ውልቀ መለኽቲ ነፃ ዝኾነት ማዕርነታዊ መሰል ብሄር ብሄራትን ሃይማኖታትን ዝተኸበረላ፣ ሙሉእ ዴሞክራሲያዊን ሰብኣዊን መሰላት ዘረጋገፀ ብህዝቢ ኣመኔታ ዘሕደረ ብሕገመንግስቲ ወኒና እትምራሕ ሃገር ኮይና ኣላ፡፡ እዚ እንትንብል ኩሎም መግለፂታት እዚኦም ብዝለዓለ ብርኪ ንክልልና ትግራይ ዝገልፁን ከም መግለፂ መንነትና ጌርና ንወስዶም መልክዒት ታሪክና እዮም ፡፡

## 3 ኣጀማምራ ቃልሲ ህዝቢ ትግራይ ውፅኢቱን

ህዝቢ ትግራይ ኣብ ዝሓለፉ 100 ዓመታት ኣብ ልዕሊኡ ዝበፅሑ ዝነበሩ ወፅዓታትን ግፍዒታትን ኣሜን ኢሉ ተቀቢሉ ዝተቀመጠሉ ጊዜ ኣይነበረን፡፡ ዝበፅሕዎ ዝነበሩ መግዛእቲ ብዝተፈላለዩ ኣገባባት ይቃወምን ይቃለስን ከምዝነበሩ ናይ ታሪክ መዛግብቲ ይሕብሩ፡፡ እዚውን ብዝተወደበን ብተናፀልን ቃልሲ ይግበሩ ከምዝነበሩ ዝፍለጥ ኮይኑ ካብቶም ብዝተወደበ መልክዕ ዝተገበሩ ቃልሲ ሓደ ቀዳማይ ወያነ ኮይኑ፣ ህዝቢ ከምህዝቢ ብሓንሳእ ሆ ኢሉ ዝወፀሉ ኣብ ታሪክ ንዘልኣለም እናተዘከረ ዝነብርን እዩ፡፡ ኣብ ቀዳማይ ወያነ፣ ህዝቢ ትግራይ በቲ ሽዑ እዋን ዝነበሩ መራሕቲ ከባቢኡ እናተመረሐ ካብ ጫፍ ናብ ጫፍ ሆ ኢሉ ተላዒሉ ንገዛእቲ ደርቢ ኣምሓራ ካብ ከበቢኡ እናፀራረገ ዓወት ብዓወት እናመዝገበ እንትምርሽ እቲ ሽዑ ዝንበረ ጨካን ፀረ ህዝቢ ዝኮነ ዘውዳዊ ስርዓት ምስ መንግስቲ እንግሊዝ ብምኧን ብዘመናዊ ነፈርቲ ከሚካል ቦንብታት ኣብ ኣደባባያት ኣብ ዕዳጋ እንተይተረፈ ንህዝቢ ብምጭፍጫፍ እቲ ዝተወለዐ ናይ ህዝቢ ዓመፅ /ወያነ/ ንግዚኡ ክዳኸም ገይሩዎ፡፡

እቲ መረረት ህዝቢ ዝወለዶ ወያነ ካብ ጫፍ ናብ ጫፍ ሆ ኢሉ ዝተልዓለ እምበር ብደንቢ ዝተወደበን ብቁፅ ኣመራርሓ ዝሓዘ ስለዘይነበረ፣ ዘይተፀበዩ ካብ ሰማይ ሰማይ ናይ ነፈርቲ ደብዳብ እንትበፅሖ ብቀሊሉ ክብተንን ክዳኸምን ክድምሰስን ኪኢሉ እዩ፡፡ እቲ ናይ ሽዑ ምንቅስቓስ ዋላ ንግዚኡ ይዝሓል እምበር ሕቶ ህዝቢ ኣይዓረፈን ነይሩ፡፡

በዚ ደብዳብ ዝተዓወተ ዝመሰሎ ዘውዳዊ ስርዓት ከዓ ንህዝቢ ትግራይ ከፋፊልካን ኣዳኺምካን እምበር ብቀሊሉ ዝግዛእ ኣይኮነን ብዝብል ፈሊጥ ሰፋሕቲ ክፋላት ትግራይ ፍርቂ ንወሎ ፍርቂ ንጎንደር ከኸውን ብምግባር፣ እቲ ኣብ ትግራይ ዝተረፈ ከዓ ካብቲ ዝነበረ ወፅዓ ፅዕንቶታትን ብዝበለፀ ከም መቕፃዕቲ ዝሕሰብ ንክትፃወሮ ዘፀግም መግዛእቲ

ኣብ ልዕልኡ ክድዕንኖ ተገይሩ። በዚ ኣቢሉውን ካብቲ ዝነበሮ ድክነት ናብ ዝኸፈአ ድኽነት ንክኣቱ ዝገበረ እንትኾን፣ ዳግም ተወዲቡ ኣንፃር ትምክሕቲ ንከይቃለስ ነኒባዕሉ ወረዳ ምስወረዳ፣ ኣውራጃ ምስ ኣውራጃ እናተጋጨወ ብድሕረትን ፀቢብነትን ነንባዕሉ ክናኸሰን ብጥርጣረ ክረኣኣይን ንምግባር ተፈቲኑ እዩ። ትምክሕቲ ሓይሊታት ዝነዝሕዎ መርዚ ኣውራጃውነት ክሳብ ሐዚ ኣብ ጉዕዞ ልምዓትና ውጥም ቅልቅል እናበሉ ከዐንቅፈና ይፍትን ኣሎ።

እቲ ናብ ዎሎን ጎንደርን ዝኸደ ክፉል ህዝቢ ትግራይ ድማ ካብቲ ኣብ ካሊእ ዝበፅሕ ዝነበረ ወፅዓን ብዝበዛን ብተወሳኺ ከቢድ ናይ መንነቱ ቀውሲ ክበፅሖን መንነቱ ክርስዕ መንነት ገዛእቱ ክላበስ ሰፊሕ ፃዕሪ ተገይሩ እዩ። እቲ ብቋንቋኻን ብመንነትካን ከይትኾርዕ ዝግበር ዝነበረ ፃዕሪ ኣብ መላእ ሃገር /ኢትዮጵያ/ ዝግበር ዝነበረ እኻ እንተኮነ ኣብተን ካብ ትግራይ ተቆሪሰን ዝኸዳ ከባቢታት ዝነብር ህዝቢ ግን ብዝተፈላለዩ ፅዕንቶታት ትግራዋይ ነቶም ክርስዑ ናብ ደቆም ከይመሓላልፉ ኣምሓሩ ከምዝኮኑ ባዕሎም ክቆፅሩ ሰፊሕ ስራሕ ተሰሪሑ እዩ።

እዚ ኩሉ ወፀዓን ፅዕንቶታትን ግን ንዝህቢ ትግራይ ብዝበለፀ ክሕርንን ንቃልሲ ብዝበለፀ ክለዓዓልን ዝገበር እምበር፣ ነቲ ናይ ህዝቢ ምንቅስቓስ ግን ከዳፍኖ ኣይከኣለን። እቲ ናይ ትምክሕቲ ስርዓት ዘብፅሖ ዝነበረ ወፅዓታት ኣብ መላእ ሃገር ብዘተፈላለየ መልክዓት ይትግበር ስለዝነበረ ሃገርና ናብ ዝኸፍአ ድሕረትን ድኽነትን ክትኣቱ ዝገበረን፣ ህዝቢ ብድኽነት፣ ድርቂን፣ ሕማምን ዝሃልቀሉን ሃገርና ብዓለም ደረጃ ተምሳሌት ድሕረትን ድኽነትን ክትከውን ገይሩዎ እዩ። እዚ ግን ኢሉኢሉ ናብ ጠቅላላ ናይ ህዝቢ ቁጠዐን ምልዕዓልን ኣብፂሑ መላእ  ህዝቢ ኢትዮጲያ ናይ ገጠርን ከተማን ካብ ጫፍ ናብ ጫፍ ተለዓዒሉ እቲ ዘውዳዊ ስርዓት ካብ ስልጣን ክውገድ በቂዑ እዩ።

ህዝቢ ኢትዮጵያ ከም ቀዳማይ ወያነ ተለዓዒሉ እቲ ዘውዳዊ ስርዓት ንምውጋድ እንተበቅ‘ውን፣ ግን ድማ ዝተወደበ ህዝባዊ ዕላማ ዝሓዘ ውድብ ስለዘይነበረ፤ ኣብቲ እዋን ዝተወደበ ሓይሊ፣ ናይቲ ዘውዳዊ ስርዓት መገልገሊ ዝነበረ ወታደር ጥራሕ ስለዝነበረ እቲ ዝወደቀ ዘውዳዊ ስርዓት ተረኪቡ፣ ናይህዝቢ ዓዎት ጨውዩ እቲ ዝነበረ ወፅዓን መግዛእትን ብዝኸፍኣ መንገዲ ክቅፀለሉ ኪኡሉ።

ኣብ መወዳእታት 1960ታት ዓ/ም ብፍላይ ድማ እቲ መንእሰይን ተምሃራይን ሃገርና ነዞም ናይ ህዝቢ ሕቶታት ብምልዓል ብዝተፈላለዩ ውዳበታት ተወዲቡ ክቃልስ  ዝጀመሩን

ገስገስቲ ሓይሊታት ዝተበራኸቱሉን ዓመታት ነይሩ። ኣብዙ እዋን እዚ ነይሩ መንእሰይ ትግራይ ብዝተወደበን ሳይንሳዊ ብዝኮነን መንገዲ ክቃለስ ዝጀመረ። ደርጊ በትረስልጣኑ ምስተቆፃፀር ከይወዓለ ከይሓደረ ኩሉም ዴሞክራሲያዊ መሰላት ብስም "ኢትዮጵያ ትቅደም" ገዲቡዎም።

እቲ ሽዑ ብሰላማዊን ዴሞክራሲያውን መንገዲ ክቃለሱ ዝተወደቡ መናእሰይ ትግራይ፣ ኩሉም ሰላማዊን ዴሞክራሲያዊን መቃለሲ መንገዲታት እንትዕፀዉዎም፣ ዝነበረ መማረፂ ዕጥቃዊ ቃልሲ ጥራሕ ነይሩ። ሽዑ ህልዊ ኩነታት ሃገርና፣ ኩነታት ደርጊ ብምግምጋም ዝተገበሩ ናይ ህዝቢታት ወያነ /ቀዳማይ ወያነ ትግራይን ካልኦት ወያነታት ኢትዮጵያን ዓለምን/ ብዝርዝር ብምፅናዕን ብምግምጋምን ካብኡ ትምህርቲ ብምውሳድ ብዝተናወሐ ብረታዊ ቃልሲ ጥራሕ እዩ ስርዓተ ደርጊ ተደምሲሱ ህዝባዊ መንግስቲ ክምስረት ዝኽእል ብምባል ኣብ በረኻ ደደቢት ሽግ ቃልሲ ሓርነት ወሊያም ቃልሲ ህዝቢ ትግራይ ዘበሰሩ። ድሕሪዚ ነይሩ ህዝቢ ትግራይ ኣብ ፅላል ውድቡ ህወሓት ዓሲሉ ድሕሪ ናይ 17 ዓመት መሪር ቃልሲ ተቃሊሱ፣ ህዝቢታት ኢትዮጵያ ኣብ ጎኑ ኣሰሊፉን ተሰሊፉን ልዕሊ 60ሺሕ ሰማእታት ከፊሉን፣ ልዕሊ 100 ሽሕ ኣካል ከፊሉን ንደርጊ ብምድምሳስ ናብ ዓወት ዝበቅዐ።

ህዝቢ ትግራይ እንትቃለስ ናይ ኵናት ወልፊ ሃለይዎ ኣይኮነን። ህዝቢ ትግራይ ዝተቃለሰ ኣብ ላዕሊኡ ተፃዒኑ ዝነበረ ሰፍ ዘይል ወፅዓ ንምውጋድን መንነቱ ተፈሊጡሉ ከምሃገሩ ማዕርነቱ ዘረጋግፅ ዜጋ ንክኾን ባዕሉ ንባዕሉ ከመሓድር ሰለማዊን ዴሞክራሲያዊን ናይ ቃልሲ ሜዳ ክህሉ፣ ሕገመንግስታዊ ስርዓት ክትከል፣ ህዝቢ ዝደለዮ ናብ ስልጣን ዘምፀሉ ዘይደለዮ ካብ ስልጣን ዘውርደሉ፣ ናይ መረፃ ስርዓት ክህልዎ፣ ሰላም፣ ዴሞክራሲን ዝተረጋገፀት ሃገር ብምውናን ውራይ ልምዓቱን ዕብየቱን ክገብር ዘኽእል ስርዓት ንምህናፅ እዩ ነይሩ ዕላምኡ። ህዝቢ ትግራይ ይኹን ህዝቢ ኢትዮጵያ እንተቃለሱ ፀረ ዴሞክራሲን ዋርድያ ድኽነትን ዝነበረ ትምክሕቲ ስርዓት ብምድምሳስ ህዝባዊ መንግስቲ ብምምስራት ሃገርና ናብቲ ቅድሚ ኣሽሓት ዓመታት ዝነበረትሉ (ገናናነትን ስልጥንቲን ሃገር) ቦታኣ ንምምላስ እዩ ነይሩ ዕላማ ቃልሱ። ህዝቢ ትግራይን ህዝቢ ኢትዮጵያን ድሕሪ ናይ 17 ዓመት መሪር ቃልሲ ንዓዎት በቒሑ እንትንብል ጠቅላላ ዝነበረ ትምክሕቲ ተደምሲሱ፣ ድኽነትን ድሕረትን ጠፊኡ ማለት ግን ኣይኮነን።

ህዝቢ ብቃልሲ ተዓዊቱ እንትንብል፣ እቲ ሰለማዊን ዴሞክራሲያዊን መንገዲታት ዓፅዩ ዕንቅፋት ዝነበረ ስርዓት ከምስርዓት ኣፍሪስናዮ፣ እቲ ዝነበረ ዕንቅፋት ኣወጊድናዮ፣ ካብ

ወሳናይነትን ገባራይ ሓደጋይነት ቦታ አወጊድናዮ፣ ናይ ሃገርና ብሄርብሄረሰባትን ህዝቢታትን ማዕርነቶም ዝረጋገፀሉ ኣፈላላያት ሰለማዊን ዴሞክራሲያዊን ብዝኮነ ኣከባብ ዝተኣናገደሉን ዝፍተሓሉን ዴሞክረሲያዊን ብህዝቢ ተቀባልነት ዝረኸበን ናይ ዓለምለኸ ስታንዳርድ ዘማለአን ፍፁም ዴሞክራሲያዊ ክበሃል ዝኽእል ሕገመንግስቲ ወኒንና ማለት እምበር ጠቅላላ እቲ ኣተሓሳስባ ተወጊዱ ማለት ኣይኮነን።

እዞም ኣተሓሳስባት ትምክሕቲ ከምኡውን እዚ ዝወለዶ ኣተሓሳስባታት ፀቢብነት ግን ተደጉሎም እምበር ኣይጠፍኡን። ስለዝኮነውን ሐዚ እንገብሮ ናይ ልምዓት ህዳሰን ጉዕዞ ንምትዕንቃፍ መልክዖም እናቀያየሩ ውጥም ቅልቅል ኣይገደፉን።

እዚ ህገመንግስቲ መሰል ብሄርብሄረሰባት ህዝብታት ኢትዮጵያ ንዘመናት ዝምነይዎን ዝደልይዎን ዝነበሩ መሰል ማዕርነት ሙሉእ ብሙሉእ ንክኽበር ውሕስና ዝሃበ ብምኳኑ፣ ድሕሪ እዚ ነይሩ ናይ ኢትዮጵያ ብሄር ብሄረሰባትን ህዝብታትን ብሙሉእ ቀልቦ ናብ ልምዓት ዝኣተው። ኢህወዴግ ንደርጊ ደምሲሱ ሃገር እንትርከብ ሃገርና ብዘይ ምዕዋትን ረዲኤትን ዓርሰ ኪኢላ ጠጠው ክትብል ዘይትኽእል ሃገር ኮይና እዩ ተረኪቡ። እዚ ኩነታት ሃገርና ብጣዕሚ ዘሕፍር እንተኾነውን፣ ዋላ ዕረ እናጠዓመና ናይ ድኻታት ድኻ ምዃና ተቐቢልና መንነትና ቀሊዕና፣ እቲ ኣብዓለም ደረጃ ክንዋረድን ክንናዓቅን ገይሩና ዘሎ ቀንዲ ፀላኢና ድኽነትን ድሕረትን ክነጥፍእ ክንብገስ ኣለና ኢልና ተላዒልና።

ኣብቲ ሽዑ እዋን ዝተወሰዱ ዓበይቲ መዋቅራዊ ለውጢታት

1. ዝነበረ መከላኸሊ ሃገር ኣፍሪስካ ብሓዱሽ ምትካእ
2. ዝነበሩ ናይህዝቢ ዓፈና መሓውራት (ኢሰፓ፣ ድህንነት፣ ሳንሱር) ንሓንሳእን ንሓዋሩን ምፍራስ
3. ዝነበረ ናይ መንግስቲ ቢሮ ክራሲያዊ መሓውር መሰረታዊ ለውጢ ንምምፃርእ ስቪል ሰርቪስ ሪፎርም ምትእትታው
4. እቲ ዝነበረ ናይ ምምሕዳር ኣካልላ ብመሰረቱ ምቅያር (ብብሄር ምኽላል) ዝብል ይርከብዎም።

ካብዞም ኣብ ላዕሊ ዝተዘርዘሩ ስጉምትታት ውሽጢ ኣብዚ ትኹረት ክህበሉ ዝደለኩ ብዛዕባ ምምሕዳራዊ ኣካልላ ትግራይ እዩ። ብመሰረት ሕገመንግስትና፣ ሃገርና ኢትዮጵያ ብሄረሰብ መሰረት ዝገበረ ኣብ 9 ክልላትን 2 ምምሕዳር ከተማታትን ክትካለልን ክትውደብን ምስተገበረ ሕድሕድ ክልል ነናይባዕለን ኣካልላ ገይረን እየን። ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ

ትግራይ እውን ኣብ 1987 ዓ.ም. ትግራይ ኣብ 34 ወረዳታትን ሓንቲ ከተማን ብምግባር ኣብ 4 ዞባታት ክውደባን ክካለላን ተገይሩ እዩ፡፡

## 4 ኣካልላ ምምሕዳር ትግራይ

ብዛዕባ ኣካልላ ምምሕዳር ትግራይ ክንዛረብ እንድሕር ደሊና ካብ ዘመነ መንግስቲ ኣክሱም ጀሚርካ ብጣዕሚ ብዙሓት ዓይነት ኣካልላታትን ምምሕዳራትን ከምዝህልዉ ናይ ታሪክ ኣሻራታት ይሕብሩ፡፡ እዚ ንባዕሉ ሰፋሕቲ ምርምራትን መፅናዕትን ዝሓትት ብምዃኑ፣ እዚ ንተመራመርትን መፅናዕቲን ኣካላት ገዲፊ ኣብ ቀረባና ኣብ መጀመርታታት መበል 20 ክፍለዘመን ጀሚሩ ክሳብ ሐዚ ዘለዉ ኣካልላን ምሕደራን ትግራይ ብኣንፃር ረብሓታት ህዝቢ ትግራይ እንታይ ከምዝመስል ኣሕፅር ኣቢለ ክገልፅ እየ፡፡

ሃገርና ኢትዮጵያ ሉኣላዊነታ ኣኽቢራ ከም ሃገር እንካብትፍለጥ ስልጡን መንግስታዊ ምሕደራ ካብትውንን ልዕሊ 3000 ዓመት ታሪክ ዘለሃ ሃገር እኳ እንተኾነት እቲ ሐዚ ዘላቶ ጂኦግራፊያዊ ቅርፂ ሒዛ ከም ሃገር ካብ ትመሓደር ግን ልዕሊ 120 ዓመታት እያ ኣቑፂራ፡፡

ኣብ ዝሓለፉ ናይ 120 መንግስታዊ ምሕደራ ዝተፈላለዩ ኣካልላታት ህዝብን ግዝኣታትን ዝነበሩ እንትኾኑ፣ ዝተጠቐሙሉ መትከል ኣካልላታት ከዓ ኩሎም ንዕላምኦም መሳኽዒ ይጠቅም እዩ ዝበልዎ ሮቕሓታት ብምውፃእ እዩ ነይሩ፡፡ እዞም ኣብ ዝሓለፉ 120 ዓመታት ዝነበሩ ኣካልላታት ባህሪታት ናይቶም መንግስታት ዝገልፁ ከምዝነበሩን ብመሰረቱ ኣብ ኣርባዕተ ከፊልካ ክረኣዩ ዝኽእሉን እዮም፡፡ እሳቶምውን ፡-

- ናይ ዘውዳዊ ስርዓት ኣካልላ
- ናይ ደርጊ ስርዓት ኣካልላ፣
- ናይ ህወሓት ኣካልላ፣
- ናይ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ኣካልላ

ኣካልላታት ነይሮም እዮም፡፡ እዞም ኣርባዕተ ኣካልላታት እዚኦም ብባህሪ እቶም ስርዓታት ኣብ ክልተ ከፊልካ ምርኣይ ይከኣል፡፡ እሱውን ናይ ህዝቢ ውግንና ዘይነበሮም ስርዓታት ወይከዓ ናይ ዘውዳዊ ስርዓትን ናይ ደርጊ ስርዓትን ብሓደ ወገን እንትክፈል ብካሊእ ወገን ከዓ ህዝባዊ ውግንና ዘለዎም ወይከዓ ናይ ህወሓትን ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይን ኢልካ ከፋፊልካ ምርኣይ ይከኣል፡፡ ሕድ ሕድ ኣካልላን ትሕዝቶኡን እንታይ ይመስል ነይሩ ዝብል ካብዚ ቀፂልና ብዝርዝር ክገልፆም ክፍትን እየ፡፡

## 5 ናይ ህዝቢ ውግንና ዘይብሎም ስርዓታት ኣካልላ

ናይ ህዝቢ ውግንና ዘይብሎም ስርዓታት ክበሃል ከሎ፣ ንብዙሕ ዓመታት ከም ቁርዲድ ኣብ ህዝቢ ተጣቢቖም ምንም ክብሪ ከይወሰኹ ደም ህዝቢ ዝመጡ ዝነበሩን ኣብ መወዳእታ ብናይ ህዝቢ ናዕብን መሪር ቃልሲን ዝተደምሰሱ ስርዓታት ማለት እዩ። እዞም ስርዓታት እዚኦም ከዓ ዘውዳዊ ስርዓትን ደርጋዊ ስርዓትን እዮም። ክልቲኦም ስርዓታት ሓደ ዝገብርዎም ናይ ህዝብታትን ብሄር ብሄረሰባትን ዴሞክራሲያዊ መሰላት ብዕሊ ብሕጊ ዝረገፁ፣ ናይ ዜጋታት ሰብኣዊ መሰላት ዝጠሓሱ፣ ህዝቢ ዘፍረዮም ፍርያት ብዕሊ ዝዘረፉ፣ ህዝቢ ካብ ድኽነትን ድሕረትን ንከይወፅእ ኣሲሮም ዝሓዙ ፀረ ህዝቢ ስርዓታት ምንባሮም እዩ። እዞም ስርዓታት እዚኦም ኩሎም ሰብኣዊን ዴሞክራሲያዊን መሰላት ህዝቢ ብምዕፋን እዩ ስልጣንና ክሕሎ ዝኽእል ኢሎም ዝኣምኑ፣ እዞም መሰላት እንድሕር ተኸቢሮም ህዝቢ ሓንቲ መዓልቲውን ኣብ ስልጣን ኣየፅንሐናን ኢሎም ስለዝሓሰቡ ካብ መጀመርታ ክሳብ መወዳእታኦም ኩሉ ተግባሮም ፀረ ህዝቢ ኮይኑ እዩ ፀኒሑ። እቲ ዝተኸተልዎ ህዝባዊ ምሕደራን ናይ ህዝብን ከባቢን ኣካልላውን ንዚ ዕላምኦም ብዝጥዕም እዩ ነይሩ።

ኣብ ዘመነ ሃፀይ ሃይለስላሴን ኣብ ዘመነ ደርግን ዝነበረ ኣካልላ ምምሕዳራት ወሳናይ ዝኾነ ኣፈላላይ ኣይነበሮን። ኣብ ክልቲኦም ስርዓታት ስፍሓት መሬት ትግራይ ሓደ ዓይነት 56341 ትርብዒት ኪ/ሜ እዩ ነይሩ።

### 5.1 ብሃፀይ ሃ/ስላሴ ጊዜ

ኣብ ዘመነ-ሃፀይ ሃይለስላሴ ትግራይ ጠቕላይ ግዛት ተባሂላ ኣብ 8 ኣውራጃታትን 56 ወረዳታትን ተኸፋፊላ ትግዛእ ነይራ። ብትሕቲ ወረዳውን ብጣዕሚ ቡዙሓት ብምክትላት ወረዳን ጭቃ-ሹማትን ዝመሓደራ ዝተፈላለዩ ኣሰራት መንግስትን ፈሰሳትን ንምእካብ ዘገልግላ ንኡሳን ወረዳን ጣብያታትን ከምዝነበራ ወለድና የዘንትዉ።

ኣብ ዘመነ-ሃፀይ ሃይለስላሴ ኣካልላታት መበገሴ ዝገበርዎ ረቛሓ ብሓፈሽኡ እንትረአ ፀጥታውን ምምሐዳረውን መበገሲታት መሰረት ብምግባር ጂኦግራፊያዊ ረቛሓታት ማለትውን ዝተወሰኑ ዓበይቲ ሩባታትን ሽንጥሮታትን ዝተወሰዱ እዮም ነይሮም። ንኣብነት ተከዘ ምላሽ፣ ጣንቋ ምላሽ፣ ኣለውሃምላሽ ወዘተ።

| ተ.ቁ | ኣውራጃ | ስፍሓት ት.ኪ.ሜ | ተ.ቁ | ወረዳ | ወረዳ ርእሰ ከተማ |
|---|---|---|---|---|---|
| 1 | ሽሬ | 8350 | 1 | አስገደ | ማይዲማ |
| | | | 2 | ጉልትወዳጅ | ሰለኽለኻ |
| | | | 3 | ላዕላይ ኣድያቦ | እንዳስላሰ |
| | | | 4 | ላዕላይ ኣደያቦ | ዓዲ ዳዕሮ |
| | | | 5 | ሰየምቲ ኣድያቦ | ዓዲ ኣውዓላ |
| | | | 6 | መደባይ ታር | ሰመማ |
| | | | 7 | ሓደግቲ | ሽራሮ |
| | | | 8 | ታሕታይ ኣድያቦ | ባድመ |
| | | | 9 | ፅምብላ | እንዳባጉና |
| 2 | ኣኽሱም | 3100 | 1 | ዓዬት | ደብረገነት |
| | | | 2 | ላዕላይ ማይጨው | ኣክሱም |
| | | | 3 | ታሕታይማይጨው | ቆባኖት |
| | | | 4 | ማራይ | ውቕሮ |
| | | | 5 | ናዕዴር | ማሕበረደጌ |
| | | | 6 | ዛና | ደብረከርበ |
| 3 | ዓድዋ | 3950 | 1 | ዓዲ ኣቤቶ | ዓዲ ኣቡን |
| | | | 2 | ዓዲ ኣርባዕተ | ራማ |
| | | | 3 | ዓድዋ | ዓድዋ |
| | | | 4 | ኣሕስኣ | መርሂ ሰናይ |
| | | | 5 | እምባስነይቲ | ነበለት |
| | | | 6 | ብዘት | ብዘት |
| | | | 7 | እገላ | ገርሁ ሰናይ |
| | | | 8 | እናዳባፀሕማ | ዕዳጋ ዓርቢ |
| | | | 9 | እንዳፈላሲ | ከማይቅነጣል |
| | | | 10 | እንትጮ | እንትጮ |
| | | | 11 | ሓሓይለ | ፈረስማይ |
| 4 | ተምቤን | 3750 | 1 | አበርገለ | የጭላ |
| | | | 2 | ኣምበራ መጠቓ | ዓብይ ዓዲ |
| | | | 3 | ደጉዓ ተምቤን | ሃገረ-ሰላም |
| | | | 4 | ጣንቋ ምላሽ | ኣግበ |
| | | | 5 | ፀፀራ | ወርሰጌ |
| 5 | ዓጋመ | 5250 | 1 | ዳሎል | ባዳ |
| | | | 2 | ጋንታ ኣፈሹም | ዓዲግራት |
| | | | 3 | ጎሎመኸዳ | ዛላምበሳ |
| | | | 4 | ክልተ በለሳ | ሓውዜን |
| | | | 5 | ስቡሕ | ዕዳጋሓሙስ |
| 6 | ክልተ ኣውላዕሎ | 14050 | 1 | ኣፅቢ | ኣፅቢ |
| | | | 2 | በራሕለ | በራሕለ |

| ተ.ቁ | ኣውራጃ | ስፍሓት ት.ኪ.ሜ | ተ.ቁ | ወረዳ | ወረዳ ርእሰ ከተማ |
|---|---|---|---|---|---|
| | | | 3 | ዓፅዳ እምባ | ስንቃጣ |
| | | | 4 | ፅራዕ | ውቕሮ |
| 7 | እንደርታ | 21650 | 1 | የዲባ ደርግዓጀን | ኲሓ |
| | | | 2 | እንደርታ | መቐለ |
| | | | 3 | ገራዓልታ | ፅጌራዳ |
| | | | 4 | ሕንጣሎ | ዓዲጉደመ |
| | | | 5 | ስለዋ | ዲላ |
| | | | 6 | ሰሓርቲ | ግጀት |
| | | | 7 | ሸኸት | ሸኸት |
| | | | 8 | ዋይራብ | ሳምረ |
| | | | 9 | ዋጀራት | ደቡብ |
| 8 | ራያ ዓዘቦ | 5700 | 1 | ኣምባላጀ | ቤትማራ |
| | | | 2 | ቦራ | ጨሌና |
| | | | 3 | ጨርጨር | ማይ ኣውሊፅ |
| | | | 4 | ደዲግሳላ | ጉጉግቶ |
| | | | 5 | እንደመኾኒ | ማይጨው |
| | | | 6 | መኾኒ | ማርሳ |
| 8 | ድምር | 65800 | 55 | | |

## 5.2 ብደርጊ ጊዜ

ደርጊ ኢህድሪ ኢሉ ኣብ መወዳእደታት ዘመኑ ዝገበሮ ምትዕርራይ ነይሩ። ግን ድማ ኣብ ተግባር ዘይወዓለ ናይ ወረቐትን ናይ ሚድያን ሃልኪ ጥራሕ ኮይኑ ተሪፉ። ቀንዲ ዕላምኡ ውን ቃልሲ ህዝቢ ትግራይ ንምልማስን ፀጥታ ንምቁፅፃር እዩ ነይሩ። በዚ መሰረት ብሃ/ስላሴ ዝነበሩ ወረዳታት ካብ ክልተ/2/ ንላዕሊ ብምግባር ናብ 21 ምምሕዳራዊ ተባሂሎም ተመዓራርዮም ነይሮም። እቲ ክልል ድማ ትግራይ ራስ ገዝ ተባሂሉ ነይሩ።

እቲ ናይ ደርካ ኣብ መወዳእታ ናይ ስልጣን ዘመኑ ዝገበሮ ናይ ወረዳታት ኣካልላ ዝስዕብ ይመስል ነይሩ፡-

**ኣብ ኢህዲሪ ራስገዝን ምምሕዳር ከባታትን**
**ናይ ትግራይ ራስገዝ ኣካባቢ ኣሃዱታት**
**ዝተጠቓሰለሉ ወረዳታት ናይ 1981 በዝሒ ህዝቢ ግምትን ስፍሓት መሬትን**

| ተ.ቁ | ዝተቓለሉ ወረዳታት | ጠቕላላ ግምት | ጠቕላላ ስፍሓት መሬት | ስያሜ | ማእኸል |
|---|---|---|---|---|---|
| | | በዝሒ ህዝቢ | | | ከተማ |
| 1 | ሓደግቲ | 23,785 | 1,010 | ሓደግቲ | ሽራሮ |
| 2 | ታች ኣድያቦ ሰየምት ኣድያቦ ላይ ኣድያቦ | 103,200 | 2,592 | ኣድያቦ | ዓዲዳዕሮ |

| ተ.ቁ | ዝተቓለሉ ወረዳታት | ጠቕላላ ግምት | ጠቕላላ ስፍሓት መሬት | ስያሜ | ማእኸል |
|---|---|---|---|---|---|
| | | በዝሒ ህዝቢ | | | ከተማ |
| 3 | መደባይ ተቦር ተች ቆራሮ ላይ ቆራሮ | 113,383 | 2,200 | ሽሬ | እንዳስላሴ ፅምብላ |
| 4 | ኣስገደ ፅምብላ | 75,012 | 1,800 | ፅምብላ | እንዳባጉና |
| 5 | ማራየ ላይ ማይጨው ታች ማይጨው | 134,135 | 2,040 | ኣኽሱም | ኣኽሱም |
| 6 | ናዕዴር ዓዴት ዘና | 199,341 | 1,420 | ናዕዴር | ማህበረደጌ |
| 7 | ዓዲ ኣርባዕተ ዓዲኣቤቶ ዓድዋ ሓሓይለ | 215,206 | 1,280 | ዓድዋ | ዓድዋ |
| 8 | እገላ ኣሕስኣ እንትጮ ብዘት | 161,433 | 1,080 | እንትጮ | እንትጮ |
| 9 | እንዳፈላሲ እንዳባፃሕማ እምባስነይቲ | 167,687 | 1,140 | እንደባፃሕማ /እምባስደነይቲ | ዕዳጋ ዓርቢ |
| 10 | ፀፀራ ደጉዓ ተምቤን ኣምበራ መጠቃ ጣንቋ ምላሽ | 198,186 | 1,800 | ተምቤን | ዓበይዓዲ |
| 11 | ኣበርገለ | 104,906 | 1,800 | አበርገለ | የጭላ |
| 12 | ጉሎመኽዳ ጋንታ ኣፈሹም | 196,489 | 2,300 | ዓጋመ | ዓዲግራት |
| 13 | ክልተ በለሳ ስቡሕ ሳዕሲዕ | 107,957 | 1,200 | ክልተበለሳ | ዕዳጋ ሓሙስ |
| 14 | በራሕለ ዳሉል | 97,997 | 5,950 | በራሕሌ ዳሉል | በራሕለ |
| 15 | ፃዕዳ እምባ ኣፅቢ | 144,726 | 1,940 | ክልተ ኣውላዕሎ | ኣፅቢ/እንዳስላሴ |
| 16 | እንደርታ ድድባና ደርጋዓጀን | 67,571 | 2,120 | እንደርታ | ኲሓ |
| 17 | ገራዕልታ ዕራዕ | 134,080 | 2,500 | ገራዓልታ ዕራዕ | ውቕሮ |
| 18 | በራ ሰለዋ ሰሓርቲ ዋዕረብ | 154,556 | 5,834 | በራሰለዋ | ዳላ |
| 19 | ሕንጣሎ ኣምባላጌ ዋጅራት | 130,658 | 2,500 | ሕንጣሎ ዋጅራት | ሕዋኔ |
| 20 | መሆኒ እንዳመሆኒ ጨርጨር | 99,134 | 6,180 | ራያ ዓዘቦ | ማይጨው |
| 21 | ዓዲግሰግላ ሽኸት | 25,796 | 1,400 | ሽከት ደዲግሰግላ | ኣምቦለይጊ/ሕንፀቶ |
| | ድምር | *2,655,238* | *50,086* | | |
| | | 2655238 | 56686 | | |

## 5.3 ናይ ክልቲኦም ስርዓታት ኣካልላ ምሕደራ ትርጉሙ

### 5.3.1 ብፖለቲካዊ መዳዩ

ክልቲኦም ስርዓታት /ስርዓት ሃ/ስላሰን ደርግን/ ናይ ሃገርና ብሄር ብሄረሰባትን ህዝብታትን በታቲንካ ንመግዛእቲ ብዝጥዕም፣ መንነቶም ብዘጥፍእ፣ ሓድነቶም ብዝኸፋፍልን ከም ብሄር ብሄረሰብ ናይ ሓባር መሰሎም ከልዕሉ ብዘይኽእሉሉ ኣገባብ ንፀረ ህዝቢ ተግባራት ገዛእቲ ብዝጥዕም ናይ ከፋፊልካ ግዛእ መትከል መሰረት ዝገበረ ኣካልላ እዮም ተጠቒሞም።

ኣብ ትግራይ ብፍላይ ድሕሪ ቀዳማይ ወያነ፣ ***"እዞም ተጋሩ ብሓደ ገይርካዮም ሰጥ ኢሎም ዝግዝኡ ኣይኮኑን"*** ወይ ከፋፊልካ ወይ ከዓ ነኒባዕሎም እናባኣስካ እንተዘይኮይኑ ቀሲንና ክንገዝእ ኣይንኽእልን ብዝብል እምነት ዝተወሰነ ክፋል ትግራይ ንወሎ፣ ዝተወሰነ ክፋል

ድማ ንጎንደር (ቤገምድር) ክመሓደር ገይሮምዎ እዮም፡፡ ንኣብነት፡- ኣላማጣ፣ ኦፍላ፣ ወልቃይት ፀገዴ፣ ፀለመትን ዓዲኣርቃይን፣ አበርገለ ምጥቃስ ይከኣል፡፡

ካብዚ ብተወሳኺ ኣብ ክሊ ዝተረፈ ክፋል ናይ ትግራይ ቦታ ዝህሉ ምሕደራ ድማ፣ እቶም ናይ ትግራይ መኳንንትን ገዛእቲን ነኒባዕሎም ንክበኣሱን ብቂምን ፅልኣትን ንክረኣኣዩ ሓደ ጊዘ ንሓደ መማሓደሪ ወይ ጭቃ፣ ካብቲ ካሊእ መማሓደሪ ወይ ጭቃ ቆሪስካ ወረዳ ወይ ጣቢያ ብምሃብ፣ ካሊእ ጊዜ ድማ መንጢልካ ንካሊእ ብምሃብ ገዛእቲ ትግራይ ኣብ ባዕሎም ንሕንሕን ባእሲን ንክፍጠር ዘውዳዊ ናይ ትምክሕቲ ስርዓት ተንኮላት ይፈጥር ምንባሩ ናይ ቀረባ ጊዘ ናይ ኣቦታትና ተዘክሮ እዩ፡፡ ንኣብነት ዛና፣ ዓዴት፣ ናዕዴር ወዘተ ወረዳታት ሓደሻዕ ናብ ኣውራጀ ዓድዋ ካሊእ ግዜ ናብ ኣኽሱም ኣውራጃ ይካላሉ ነይሮም፡፡

ብሓፈሻ ኣብ ስርዓታት ሃ/ስላሰን ደርጊን ኣካልላ ምሕደራ ትግራይና ብፖለቲካ ዓይኒ እንትረአ ህዝቢ ከይዕምፅ ከመይ ጌርካ ኣሲርካን ነንባዕሉ ብምባኣስ ሓድነቱ ክልሕልሕ ጌርካ ዘመነ ስልጣንካ ተናውሕ ዝብል መትከል ዝተኸተለ ህልም ዝበለ ፀረ ህዝቢን ንቲ ድኽነትን ድሕረትን ዘበኣኣሰ ከምዝነበረን ናይ ዚ ቀንዲ መሳርሒ ምፅንሑን እዩ ዘሪኤና፡፡

## 5.3.2 ብማሕበረ ኤኮኖሚ መዳዩ

ክልቲኦም ስርዓታት ሃ/ስላሰን ደርግን ሐዚውን ሃገርና ካብ ጊዘ ናብጊዘ እቲ ድኽነት ስር እናሰደደ እናባኣሰ ክኸድን ሃገርና ናይ ድሕረት፣ ድኽነትን ጥምየትን ኣብነት ክትከውን ዝገበሩ ስርዓታት እዮም፡፡ ኣብ ክልቲኦም ስርዓታት ዝርገሐ መሰረተልምዓት ትኹረት ዘይወሃቦ፣ ናይ ትምህርቲ ጥዕና ምስፍሕፋሕ ስለዘይነበረ ህዝቢ ብስእነት ትምህርትን ጥዕናን ዝሳቐየሉ ኩነታት እዩ ነይሩ፡፡ ኣብ ክልቲኦም ስርዓታት ዝነበሩ ምሕደራታትን ማእኸል ከተማታትን ናይ ልምዓት ማእኸላት ዘይኮኑስ ማእኸላት መአከቢ ግብርን ፈሰስን፣ መዝረፊ ፍርያት እቶትን ጉልበትን ህዝቢ እየን ነይረን፡፡ ኣካልላ ወረዳታት ገዛእቲ ደርቢ ትምክሕትን ናታቶም ኮራኹር ጭቃታትን መመሓደርትን ናይ ህዝቢ ጉልበትን ፍርያት ሕርሻን ንምምዝማዝ ከመይ ይጥዕም መን ምስመን እንተተወደበትን መን እንተገዝኣን እንታይ እቶት ይእክብ እንታይ ከ ንዓና ይበፅሐና ብዝብል ግብጢት ማእኸል ዝገበረ ኣካልላ እዩ ነይሩ፡፡ ወረዳታት ባጀት ተመዲቡለን መሰረተ ልምዓት ይኹን ካልኦት ናይ ልምዓት ስራሕቲ ክሰርሓ ዘኽእለን ስልጣንን ሓላፍነትን ኣይነበረንን፡፡

ብሓፂሩ እቲ ኣብዞም ክልተ ስርዓታት እዚኦም ዝነበረ ኣካልላ ምሕደራ ትግራይ ይኹን ኢትዮጵያ ሰብኣውን ዴሞክራሲያዊን መሰላት ህዝቢ ብምዕጋት ፍርያት ንምዝራፍ

ብዝጥዕም መልክዕ ብደንቢ ተፀኒዑ ዝተገበረን ብመንፅር እዚ ዕላማ እናተገምገመ ዝግበሩ ምምሕያሻትውን ነዚ ዕላማ ኣብምዕዋት ዘትኮሩ ከምዝነበሩ ምርዳእ ይካኣል፡፡

# 6 ናይ ህዝቢ ውግንና ዘለዎ ኣካልላ

ህዝቢ ትግራይ ኣብ ልዕሊኡ ዝበፅሖ ዝነበረ ወፅዓታትን ጭፍጨፋታትን ንምውጋድ ኣብዝገበሮ ቃልሲ ብፍላይ ኣንፃር ደርጊ ኣብ ዝገበሮ መሪር ብረታዊ ቃልሲ ካብ ጊዘ ናብጊዜ ብርክት ዝበሉ ከባቢታት ካብ ደርጊ ብምምንዛዕ ሓራ መሬት እናጣየሸ፤ ናይ ቲ ሓራ ዝወፀ ከባቢ ብህዝቢ ባዕሉ ዴሞክራሲያዊ ብዝኾነ ኣገባብ ብዝመረፆም ናይ ከባቢያዊ ኣማሓደርቲን ባይቶታትን እናጣየሸ ባዕሉ ንባዕሉ እናተማሓደረ ከምዝነበረ ይፍለጥ፡፡ ድሕሪ ውድቀት ደርጊ'ውን ሕገመንግስቱ ኣፅዲቑ፣ ናይ መረፃ ስርዓት ክተኣታቶ ብምግባር ብናፃ፣ ዴሞክራሲያዊን ብህዝቢ ተኣማንነት ዘትረፉ 5 ሃገራዊን ክልላዊን መረፃታት ብምክያድ ህዝባዊን ዴሞክራሲያዊን መንግስቲ እናጣየሸ ይመሓደር ኣሎ፡፡ እሞ'ባኣር ናይ ህዝቢ ውግንና ዘለዎ ኣካልላ ክበሃል ከሎ፣ ኣብቲ ዝተኻየደ መሪር ናይ 17 ዓመት ብረታዊ ቃልሲ እዋን ዝተገበረ ኣካልላን ድሕሪ ውድቀት ደርጊ ብብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ዝተገበረ ኣካላላን ዝምልከት እዩ፡፡

እዞም ክልተ ኣካልላታት እዚኦም ህዝባዊ ውግንና ዘለዎም ኣካልላ እንትንብል እቲ ቀዳማይ ኣካልላ ህዝቢ ትግራይ ዘካየዶ ቃልሲ መሰረት ብምግባር ካብ ፀላኢ ሓራ ዝወፁ ቦታታት ህዝባዊ ምሕደራ ንክህልዎም ነቲ ናይቲ ከባቢ ህዝቢ መሰረት ዝገበረን ነቲ ናይ ህዝቢ ቃልሲ ንምምራሕን ንምዕዋትን ብዘኽእል መንገዲ ዝተገበረ ብምዃኑ፤ እቲ ካልኣይ ኣካልላ ድማ ህዝቢ ትግራይ ብቃልሱ ንደርጊ ደምሲሱ፣ ሰላምን ምርግጋዕን ኣንጊሱ፣ ህዝባዊ መንግስቲ ብምምስራት ናብ ውራይ ልምዓት ዝኣተወ እንትኸውን እቲ ዝተጣየሸ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ድማ ንልምዓት ብዝጥዕም መንገዲ ዳግም ምትዕርራይ ብምግባር ናይ ወረዳታት ምክላል ገይሩ እዩ፤ ስለዚ ክልቲኦም ኣካልላታት ማለትውን ናይ ህዝቢ ቃልሲ ንምምራሕ ብዝጥዕምን ናይ ህዝቢ ፃምእ ልምዓት ንምርግጋፅ ዝተገበሩ ኣካልላታት ብምዃኖም ህዝባዊ ውግንና ዘለዎም ኣካልላ ምባል ትኽክለኛ እዩ፡፡

## 6.1 ኣካልላታት፣ ምምሕዳራት ገፀር ትግራዩ ኣብ 70ዓታት 80ታትን

ደርጊ ናብ ስልጣን እንትመፅእ ንመላእ ትግራይ ይቆፀቀፀራ ወይ የመሓድራ ኣይነበረን፡፡ ደርጊ ነተን ኣብ ዋና መንገድታት ዝነበራ ዓበይቲ ከተማታትን ኣብ ከባቢኤን ዝነበራ ገፀራትን ጥራሕ እንተመሓድር እቲ ካሊእ ግን ብፍላይ ርሕቕ ዝበለ ከባቢታት

ኣየማሓድሮን ነይሩ። ብሱሩውን ደርጊ ረጊፁወን ዘይፈልጣ ብዙሓት ጣብያታት ነይረን እየን። ካብ ለካቲት 1967 ዓ.ም. ጀሚሩ ናይ ተሓህት/ህወሓት ምስረታ ጋህዲ ካብዝኾን ጀሚሩ፣ እቲ ብረታዊ ቃልሲ ካብ በረኻ ደደቢት ቀስ ብቀስ ናብ ሙሉእ ትግራይ እንትስፋሕፋሕ ዳርጋ ክሳብ 1970 ዓ.ም. ቀሊል ቁፅሪ ዘይበሃል ገፀራት ትግራይ ወይ መንግስቲ ዘይኣተዎ ወይድማ ብሸፋቱ ዝማሓደረሉ ኩነታት እዩ ነይሩ። ድሕሪ 1970 ዓ.ም. ግን ዝነበሩ ሸፋቱ ኢዶም ክህቡን ብረቶም ኣቐሚጦም ናብ ማሕረሶም ክኣትዉ ዝተረደኦም ድማ ብረት ኣልዒሎም ኣንፃር ደርጊ ክቃለሱ ፃውዒት ተገይሩሎም መብዛሕቶም ነዚ ፃውዒት እንትቅበሉ ውሑዳት ዝኣበዩ ብሓይሉ ክድምሰሱ ብምግባር መብዛሕቱ ናይ ትግራይ ሓራ መሬት ብህወሓት ምምሕዳራት ክጣየሸሉ ብምግባር ህዝቢ ፍትሒ ክረክብ ተኻኢሉ እዩ።

ይኹን እምበር ትግራይ ን17 ዓመት መሪርን ዕረፍቲ ዘይብሉን ፀረ-ብሄራዊ ወፅዓ ቃልሲ ዝተገበረሉ ክልል ብምዃኑ ኣብ ገጠራት ይኹን ኣብ ከተማታት ምምሕዳራታት ትግራይ ዝቐሰነ ኣይኮነን ነይሩ። ዝሓለፉ 17 ዓመታት ኣብ ትግራይ ናይ ጥይት ድምፂ ከይተሰምዐትላ ዝሓለፈት መዓልቲ የላን እንተተብሃለ ምግናን ኣይኽውንን። ኣብዝግበሩ ውግኣት ካብ ደርጊ ሓራ ዝወፁ ከባቢታት ናይ ባዕሎም ናይ ቁሸትን ጣብያታትን ምምሕዳር እናጣየሹ እንትኽዱ ከምኡ እናበለ ናይ ወረዳ ምምሕዳራት እናፈጠሩ መፀኦም እዮም።

ቀንዲ መበገሲ ምስረታ ምምሕዳር ሓራ መሬት እቲ ህዝቢ ፍትሒን ርትዕን ኣብ መረበቱ ክረክብ፣ ፀጥታዊ ከባቢኡ ተወዲቡ ክሕሉ፣ ክንድዝተኽኣለ ማሕበራዊ ፀገማቱ ክፈትሕ፣ ነቲ ዝተጀመረ ህዝባዊ ብረታዊ ቃልሲ ብዝተወደበ መልክዑ ክድግፍን ዘየቋርፅ ሰብኣዊን ንዋታዊን ሓገዛት ክገብር ዕላማታት ዝሓዘ ኣጣይሻን ኣካልላን ነይሩ።

ምሉእ ብሙሉእ ደርጊ ካብ ትግራይ ምስተደፍአ 81 ወረዳታት ተመስሪተን ክሳዕ 1987 ዓ/ም ፀኒሐን እየን። እዙይ ድማ ተጋሩ /(ትግርኛ ተዛረብቲ)/ ዝነብርዎም ከባቢታት ኩሎም እኳ እንተዘይኮይኑ መብዛሕቶም ዘካተተ ኣካልላ እዩ ተገይሩ። በዚ መሰረት'ውን ኣብ ዘመነ ሃፀይ ሃይለስላሴ ካብዝነበሩ ወረዳታት

- ኣብ ትግራይ ዝነበራ 5 ዓፋርኛ ተዛረብቲ ወረዳታት ናብ ዓፋር ክፅምበራ ብምግዳፍን (ዳሉል፣ በራሕለ፣ ሸከት፣ ዲዲግሳዓለ፣ ኦፍዴራ)
- 3 ትግርኛ ተዛረብቲ ወረዳታት ካብ ወሎ (ኣለማጠ፣ ከተማኮረም፣ ኦፍላ) ናብ ትግራይ ክምለሳ ብምግባር፣

- 6 ትግርኛ ተዛረብቲ ወረዳታት ካብ ጎንደር (ዲማ፣ ማይፀብሪ፣ ፀገዴ፣ ኣውራ፣ መዘጋ፣ ሑመራ) ናብ ትግራይ ብምምላስ፤
- 11 ገፀር ወረዳታት ብምውሳኽ (ባድመ፣ ዓዲሃገራይ፣ ዓዲነብርኢድ፣ ዓዲኣውዓለ፣ ጭላ፣ ኢሮብ፣ አሰፈሰበያ፣ ቆላገራዓልታ፣ ወንበርታ፣ ማይማዕዶ፣ ነቕሰን)፤
- 11 ከተማታት (እንዳስላሴ፣ ኣኽሱም፣ ዓድዋ፣ ዓዲግራት፣ ውቕሮ፣ ዓዲኣቡን፣ ኮረም፣ ሰሜን መቐለ፣ ማእኸላይ መቐለ፣ ደቡብ መቐለ፣ ዓዲጉደም) ከም ወረዳ ክውደባ ብምግባር ብምጥያሽ ብጠቕላላ ትግራይ ኣብ 81 ወረዳታትን 4 ዞባታትን ክትካለልን ክትውደብን ተገይሩ እዩ፡፡

ኣብዚ ምትዕርራየ እዙይ መሰረታዊ ለውጢ ዘለዎ እዩ፡፡ ንሱ'ውን አሰፋፍራ ህዝቢን ስፍሓት ትሕዝቶ መሬትን ዝለወጠ እዩ፡፡ ተዛረብቲ ዓፋር ገዲፉ ተወሰኽቲ ተዛረብቲ ትግርኛ ጠሚሩ ኣሎ፡፡ ብስፍሓት መሬት ግና ብግምት ካብ 65000 ናብ 53000 ትርብዒት ኪ.ሜ ክባቢታት ወሪዱ እዩ፡፡ ኣብ ትሕቲ እዘን 81 ወረዳታት ድማ ልዕሊ 1000 ናይ ጣብያ ምምሕዳራት ክጣየሹ ተገይሩ እዩ፡፡

| ተ.ቁ. | ሽም ወረዳ | ተ.ቁ. | ሽም ወረዳ |
|---|---|---|---|
| ሀ | ምዕራባዊ ዞባ | 22 | ኣምበራመጠቃ |
| 1 | ፀገዴ | 23 | ኣበርገለ |
| 2 | ኣውራ | 24 | ደጉዓ ተምቤን |
| 3 | መዘጋ | ሐ | ምብራቓዊ ዞባ |
| 4 | ሑመራ | 1 | ኢሮብ |
| 5 | ዓዲ ረመፅ | 2 | ጉሎመኽዳ |
| 6 | ሽራሮ | 3 | አሰፈ ሰቦያ |
| 7 | ባድመ | 4 | ብዘት |
| 8 | ዓዲ ሃገራይ | 5 | ጋንታኣፈሹም |
| 9 | ዓዲ ዳዕሮ | 6 | ዓዲግራት |
| 10 | ዓዲ ኣውዓላ | 7 | ክልተበለሳ |
| 11 | ዓዲ ነብርኢድ | 8 | ደጉዓ ገረዓልታ |
| 12 | መደባይ ታቦር | 9 | ቆላ ገረዓልታ |
| 13 | ኣስገደ | 10 | ስቡሕ ሳዕሲዕ |
| 14 | ፅምብላ | 11 | ዓዕዳ እምባ |
| 15 | ከተማ እንዳስላሴ | 12 | ኣፅቢ |
| 16 | ታሕታይ ቆራሮ | 13 | ወንበርታ |
| 17 | ላዕላይ ቆራሮ | 14 | ፅራእ |
| 18 | ማይ ፀብሪ | 15 | ውቕሮ ከተማ |

| ተ.ቁ. | ሽም ወረዳ | ተ.ቁ. | ሽም ወረዳ |
|---|---|---|---|
| 19 | ዲማ | መ | ደቡባዊ ዞባ |
| 20 | ዛና | 1 | እንደርታ |
| ለ | ማእኸላይ ዞባ | 2 | ድድባ ደርግዓጀን |
| 1 | እንዳማርያም | 3 | ዋጅራት |
| 2 | ጭላ | 4 | ዓዲጉደም |
| 3 | ላዕላይ ማይጨው | 5 | ሕንጣ |
| 4 | ኣኽሱም | 6 | ሰሓርቲ |
| 5 | ዓዴት | 7 | ሳምረ |
| 6 | ናዕዴር | 8 | ቦራ |
| 7 | ጨርጨር | 9 | ሰለዋ |
| 8 | ዓዲ ኣርባዕተ | 10 | እንደመኾኒ |
| 9 | ኣሕስኣ | 11 | ነቅሳን |
| 10 | ዓድዋ | 12 | ማይማዕዶ |
| 11 | ገፀር ዓድዋ | 13 | ማይጨው ከተማ |
| 12 | ዓዲ ኣቤቶ | 14 | መኾኒ |
| 13 | እንትጮ | 15 | ኣላማጣ |
| 14 | እገላ | 16 | ኦፍላ |
| 15 | ዓዲ ኣሕፈሮም | 17 | ኣላጀ |
| 16 | ሓሓይለ | 18 | ከተማ ኮረም |
| 17 | እምባስነይቲ | 19 | ዓዲ ኣን ከተማ |
| 18 | እንዳባባሕማ | 20 | ሰሜን መቐለ |
| 19 | ማይቅነጣል | 21 | ማእኸላይ መቐለ |
| 20 | ቀይሕ ተኽሊ | 22 | ደቡብ መቐለ |
| 21 | ጣንቋ ምላሽ | 81 | ጠቕላላ |

## 6.2 ብብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ዝተገበረ ኣካልላ

ደርጊ ካብ ሃገርና ሙሉእ ብሙሉእ እንትድምሰስ ኣብ ናይ መንግስቲ ካዝና /ኣብ ብሄራዊ ባንኪ ኢትዮጵያ/ ዝነበረ ገንዘብ ካብ 3 ሚሊዮን ዶላር ዘይበልፅ ነይሩ። ሃገርና ኣብቲ እዋን ናይ ዓለምና ብኢኮኖሚ ጭራ ነይራ። ምናልባትውን እቲ ንድሕርሕሪት ኬድካ ኬድካ ናይ ድኽነት መወዳእታ ጫፍ ዝበሃል ኣብ ዝበፅሐትሉ እዋን እዩ ነይሩ ኢህወዴግ ኢትዮጵያ ዝተቆፃፀራ። ድሕሪ ምድምሳስ ደርጊ ዓብዪ ትኩረት ዝተውሃቦ ኣብ ሃገርና ሰላምን ምርግጋፅን ምፍጣር፣ እቲ ናይ ድሕርሕሪት ጉዕዞ ኢኮኖሚ ሃገርና ጠጠው ኣቢልካ ንቅድሚት ከሰጉም ምግባር፣ ሕገመንግስቲ ኣፅዲቅካ ህዝባዊ መንግስቲ ምምስራት እዩ ነይሩ። በዚ መሰረት እቲ ሓደ ናይ ትኹረት መዳይ ናይ ህዝቢ ናይ ልምዓት ፃምእ ንምምላእ ኢኮኖሚያዊ ልምዓት ምርግጋፅ እዩ። እዚውን ከም ኣንፈት ዝተቀመጠሉ ዝርካቡ ማቴሪያላዊን ገንዘባዊን ሃፍቲ ቆጣባይ ጥራሕ ዘይኮነስ ኣዐሪዩ ቆጣባይን ብዝኮነ

መንገዲ ምጥቃም፣ መሬትን ጉልበትን ህዝቢ ፀንፊፍካ ምጥቃም፣ ክርከብ ዝኽእል ረድኤትን ልቃሕን ፀንፊፍካ ምጥቃም ዝብሉ ነይሮም፡፡ ካብቶም ቆጣባይ አጠቃቅማ ዝባሃሉን ኩሉ ዝረዳደአሉምን ሓደ ምምሕዳራዊ ወፃኢታት ክንድዝተኽኣለ ምቕናስ እዩ፡፡

ኣብዙ ጊዘ እዚ ነይሩ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ናይ ትግራይና ኩነታት ብዝርዝር ገምጊሙ ምትዕርራይ ንምግባር ዝወሰነ፡፡ ኣብዙ እዋን እዚ ልዕሊ 60 ሚእታዊ ህዝቢ ትግራይ ኣብ ትሕቲ ሚሒር ድኽነት ዝርከብ፣ ብዝርገሐ እቶም መሰረታዊ ዝባሃሉ መሰረተ ልምዓት /ትምህርቲ፣ ፅዕና፣ መንገዲ፣ ዝስተ ማይ ወዘተ/ ካብ ሃገርና እታ ጭራ ነይራ፡፡ ኣብቲ ብረታዊ ቃልሲ እዋን ብናይ ህዝቢ ጉልበትን ናውትን ህዝቢ ዘማሓድራ ዝነበራ 81 ወረዳታት ሒዝካ ብመንግስቲ ባጀት በጂትካ እቲ መድረኽ ዝጠልቦ /ድኽነት ምጥፋእን ልምዓት ምርግጋፅን/ ውራይ ከዐውት ከምዘይኽእል መንግስቲ ገምጊሙ፡፡ ምኽንያቱ እዞም በርክት ዝበሉ ወረዳታት ሒዝካ ሰላማዊን መንግስታዊን ስራሕቲ ንምክያድ ዝለዓለ ወፃኢ ዝሓትት ካብ ብምኧኑ ድኽነት ተኮር መደባትን ፕሮጀክታትን ክትፍፅም ብጣዕሚ ኣፀጋሚ ስለዝኾነ እዩ፡፡ እዚ ብዕሊ ስለዝተኣመነሉ ኣብ 1987 ከምብሓዱሽ ክተዓራረ ተገይሩ፡፡

## 6.3 ኣብ 1987 መወዳእታ ዝተገበረ ናይ ወረዳታት ምትዕርራይ

ኣብ 1987 ንመጀመሪያ ጊዜ ኣካልላ ምምሕዳራት ኣብ ልምዓት ዝተደረኸ ዕላማ ክሕዝ ተገይሩ እዩ፡፡ በዚ መሰረት'ውን እቶም ዝተወሰዱ ረቛሓታት

i. በዝሒ ህዝቢ ከም መበገሲ 100ሺሕ ኮይኑ ብዝተወሰነ ሓፍ ወይ ትሕት ክብል ይኽእል
ii. ብዝተኽኣለ መጠን ተመሳሳሊ ስነ-ከባቢ ዘለዎ
iii. ምትእስሳር ህዝቢ ኣብ ግምት ዘእተወ
iv. መራኸቢ መንገዲ /ዘለዎ ወይ ብቅልጡፊ ክዝርገሓሉ ዘለዎ/

ዝብሉ እቶም ቀንዲታት ነይሮም፡፡ ከብዚኣቶም ውሽጢ ድማ በዝሒ ህዝብን ስነ-ከባን ገዛእቲ ኮይኖም ዝተሰርሓሉም እንትኾን ምትእስሳር ህዝብን መራኸቢ መንገዲን ድማ ተወሰኽቲ/ደገፍቲ እዩም ነይሮም፡፡ እዞም ሮቕሓታት ሒዝካ ናብ ተግባር እንትትኣቱ ኩሉ ዘማለአ ብዘይምንም ፀገም ይፍፀም ማለት ኣይኮነን፡፡ እዞም ሮቕሓታት ከም መበገሲ ብምውሳድ ናብ ተግባር እንትእቶ ግን ኣብ ቶም ሮቕሓታት ኣብ ምምላእ ምጉዳልን

ምውሳኽን እንተጋጥም ናይ ኣመራርሓ ናይ ሓባር ውሳነ እናዓለበሎም ይፍፀሙ ከምዝነበሩ ሰነዳት ይሕብሩ። ንኣብነት

- ኢሮብ ሽዑ 20ሽሕ እኳ ኣይመልእን ነይሩ። ፈሉይ ብሄረሰብ/ካብትግራይ ስለዝኾነ ግና ንበይኑ ጥራሕ ተገይሩ።
- ቃፍታ ሑመራ ስፍሓቱ ካብ ምብራቓዊ ዞባ ዝዓቢ እዩ ዝነበሮ ህዝቢ ግና ውሑድ ይኹን'ምበር ንበይኑ ተኸሊሉ እዩ።
- ኣሕፈሮም በዝሒ ሕዝቢ ልዕሊ 100 ሽሕ ነይሩ ግን በተን ካልኦት ሮቕሓታት ንምፍልላይ መፀገሚ ስለዝነበረ ከምቲ ዘሎ ተኸሊሉ፣

ብሓፈሻ ካብዚ ጊዜ እዙይ ጀሚሩ ወረዳታት ዓበይትን ጥንኩራትን ክኾኑ ከምዘለዎም ኣብ ግምት ዝአተወ ነይሩ እዩ፣ ዓቕሞም'ውን ካብቶም ቅድሚኡ ዝነበሩ ኣውራጃታት ንኽበልፃን ኣብ ምንቅስቃሳት ልምዓትን ህንፀት ዴሞክራሲያዊ ስርዓትን ናይ ባዕለን ዝለዓለ እጃም ክፃወታ ይኽእላ እየን ብዝብል መበገሲ እዩ ተኻሊለን።

ኣብዚ ኣካልላ ዝተልዓለ ሓደ መሰረታዊ ሕቶ 81 ወረዳታት እናሃለዋ ህዝቢ ብቐረባኡ ግልጋሎት ፍትሕን ካልኦት መንግስታዊ ግልጋሎታት ይረክብ ነይሩ ሐዚ ግን ናብ 34 ወረዳ እንትውደባ ብራሕቂ ምኽንያት ግቡእ ግልጋሎት ከይረኽበ ዝተርፍ ህዝቢ ከይህሉ? ብፍላይ ንደቂ ኣንስትዮ ዓብዪ ፀገም ዶ ኣይኾንን? ዝብሉ ሕቶታት ተላዒሎም እዮም። ኣብቲ ኣካልላ ነዞም ሕቶታት ፍትሓዊ ምላሽ ክወሃቡ ስለዝነበሮም ህዝቢ ብፍላይ ከዓ ደቂ ኣንስትዮ ብቀረባ ፍትሒ ንምርካብ ኣብተን 81 ወረዳታት ዝነበረ ሐዚ ከም ወረዳ ማእኸል ዘይተወደባ ከም ንኡስ ወረዳ ተሓሲበን ኣብአን ዘሎ ናይ ፍትሒ መሓውር (ቤት ፍርዲ፣ ቤ/ፅ ፍትሒን ፀጥታን፣ ፖሊስ) ከምዘለዎ ናይ ወረዳ ደረጃ ሒዙ ክቕፅልን ተገይሩ እዩ። ካልኦት መንግስታዊ ቤት ፅሕፈታት ግን ብደረጃ ወረዳ ኣብተን 34 ማእኸል ወረዳታት ተወዲቡ ካብኡ ብምብጋስን ግልጋሎት ክህቡ ዝብል እዩ ነይሩ። ካብዚ ብተወሳኺ ካብዘን ንኡሳን ወረዳታትን ካልኦት ጣብያታትን ናብ ማእኸል ወረዳታት ናይ መራኸቢ ፀገም ዘለወን ቀዳምነት ብምሃብ ብቅልጡፍ መንገዲ ክስረሐለን ተሓሳቢ ብምግባር እዩ እቲ ናይ ምክላል ስራሕቲ ዝተፈፀመ።

| ተ.ቁ | ሽም ወረዳ | ስፍሓት ት.ኪ.ሜ | በዝሒ ህዝቢ 1996 | በዝሒ ህዝቢ 2008 |
|---|---|---|---|---|
| 1 | ፀገዴ | 3,234 | 84,269 | 118,642 |
| 2 | ፀለምቲ | 2,703 | 121,739 | 156,849 |
| 3 | ታሕታይ ኣድያቦ | 5,442 | 85,666 | 102,162 |

| ተ.ቁ | ሽም ወረዳ | ስፍሓት ት.ኪ.ሜ | በዝሒ ህዝቢ 1996 | በዝሒ ህዝቢ 2008 |
|---|---|---|---|---|
| 4 | ኣስደገደ ፅምብላ | 2,400 | 126,961 | 153,976 |
| 5 | ላዕላይ ኣድያ | 1,772 | 106,200 | 129,027 |
| 6 | ታሕታይ ቆራሮ | 670 | 78,250 | 75,900 |
| 7 | ወልቃይት | 3,811 | 119,088 | 157,966 |
| 8 | መደባይ ዛና | 1,056 | 126,478 | 142,530 |
| 9 | ቃፍታ ሑመራ | 6,757 | 45,041 | 115,950 |
| 10 | ታሕታይ ማይጨው | 570 | 105,489 | 114,391 |
| 11 | ቆላ ተምቤን | 1,378 | 130,183 | 147,797 |
| 12 | ናዕዴር ዓዴት | 937 | 111,000 | 116,372 |
| 13 | ላዕላይ ማይጨው | 556 | 84,225 | 79,902 |
| 14 | ኣሕፈሮም | 1,299 | 173,085 | 202,283 |
| 15 | መረብለኸ | 1,249 | 105,160 | 121,710 |
| 16 | ጣንቋ ኣበርገለ | 1,446 | 78,362 | 105,861 |
| 17 | ደጉዓ ተምቤን | 1,034 | 111,706 | 128,419 |
| 18 | ዓድዋ | 665 | 106,878 | 109,705 |
| 19 | ወርዒ ለኸ | 1,258 | 145,908 | 168,603 |
| 20 | ጉሎመኸዳ | 591 | 94,691 | 97,478 |
| 21 | ኢሮብ | 930 | 23,135 | 29,028 |
| 22 | ኣፅቢወንበርታ | 1,138 | 110,578 | 128,909 |
| 23 | ክልተ ኣውላዕሎ/ውቕሮ | 1,013 | 109,353 | 111,993 |
| 24 | ሳዕሲዕ ፃዕዳ እምባ | 1,158 | 131,456 | 162,138 |
| 25 | ሓውዜን | 851 | 124,327 | 133,411 |
| 26 | ጋንታአፈሹም | 550 | 108,561 | 99,289 |
| 27 | ኣላጀ | 767 | 110,273 | 122,428 |
| 28 | እንደርታ | 629 | 116,360 | 125,739 |
| 29 | ሕንጣሎወጅራት | 1,933 | 141,143 | 174,582 |
| 30 | ሳሓርቲ ሳምረ | 1,717 | 112,322 | 141,170 |
| 31 | ኣለማጣ | 725 | 89,462 | 96,132 |
| 32 | ኦፍላ | 1,098 | 132,491 | 139,622 |
| 33 | ራያዓዘቦ | 1,767 | 129,123 | 157,137 |
| 34 | እንደመኾኒ | 629 | 79,884 | 94,635 |
| 35 | መቐለ | 24 | | |
| | *ኣወዳድባ ከተማታት ትግራይ 1994 ዓ.ም.* | | | |
| 1 | መቐለ | | | 340,859 |
| 2 | ሑመራ | | | 34,295 |
| 3 | ሽራሮ | | | 26,893 |
| 4 | እንዳስላሰ | | | 74,503 |
| 5 | ኣክሱም | | | 70,360 |
| 6 | ዓድዋ | | | 63,759 |

| ተ.ቁ | ሽም ወረዳ | ስፍሓት ት.ኪ.ሜ | በዝሒ ህዝቢ 1996 | በዝሒ ህዝቢ 2008 |
|---|---|---|---|---|
| 7 | ዓብዪ-ዓዲ | | | 25,439 |
| 8 | ዓዲግራት | | | 90,658 |
| 9 | ውቕሮ | | | 47,611 |
| 10 | ማይጨው | | | 36,925 |
| 11 | ኮረም | | | 26,525 |
| 12 | ኣላማጣ | | | 52,435 |
| | | 53,757 | **3,658,847** | **5,151,998** |

እዚ ኣወዳድባ ንተን ናይ ክልልና ዓበይቲ ከተማታት ከም ዝኾነ ናይ ገፀር ጣብያ ወይ ቀበሌ ኮይነን ኣብ ትሕቲ እዘን 34 ወረዳታት ስለዝነበራ ምስቲ ዝነበረን በዝሒ ህዝብን ፉሉይ ባህሪን ኣብ ከይዲ ምሕደራአን ፀገማት ኣጋጢሞም እዮም። ስለዝኾነውን ኣብ 1994 ዓ.ም. ንበይነን ተፈሊየን ከም ባህሪኤን ፉሉይ ናይ ከተማ ምምሕዳር ክህልወን፣ ናይ ባዕለን ቤት ምኽሪ ክህልወን፣ ናይ ኢንዱስትሪን ናይ ግልጋሎትን ማእኸላት ክኾናን ኣወዳድባአን ድማ ዓርሰን ዝኸኣላ ናይ ወረዳ ደረጃ ዝሓዛ ከተማታት ክኾና ተገይሩ እዩ።

በዚ መሰረት መቐለ ከተማ ናይ ዞባ ደረጃ ዝሓዘት ከተማ እንትትኮን እተን ዝተረፋ 11 ከተማታት (ዓዲግራት፣ ኣኽሱም፣ ዓድዋ፣ ሽረ እንዳስላሴ፣ ሽራሮ፣ ሑመራ፣ ውቕሮ፣ ማይጨው፣ ኣለማጣ፣ ኾረም፣ ዓቢይዓዲን) ከዓ ናይ ወረዳ ደረጃ ሒዘን ከም ከተማ ክውደባ ተገይሩ።

ካብዚ ብተወሳኺ ከተማታት እናዓበያ እንትኸዳን ካልኦት ሓደሽቲ እናኸተማ እንትኸዳን ንቅድሚት ዕብየተን ብከመይ ክውደባን ክምረሓን ከምዘለወን ዝመርሕ ናይ ከተማታት ዕብየት ደረጃ ዘነፅር መምርሒ ተዳሊዩ ኣሎ።

እዚ ኣወዳድባ ብልምዓት ዓይኒ እንትረአ ከምቲ ኣብ ላዕሊ ዝተነፀረ ኣንፈት፣ ዘሎ ናይ ማቴሪያላዊን ፋይናንሳዊ ዓቕሚ ቆጢብካ ኣብ መሰረታዊ ፀገማት ህዝቢ ንምውዓልን ልምዓት ንምቅልጣፍን ዝሐኘ ኣወዳድባ ዝነበረ እንተኾነውን ብሰንኪ ክስርሑ ዝግበኦም ሓደ ሓደ ናይ መሰረተ ልምዓት ስራሕቲ ብዘይምስራሖምን ምስ ምንኣስ ናይ ምፍፃም ዓቕሚ መንግስታዊ መሓውር ተታሓሒዙ ናይ ሰናይ ምምሕዳር ሕቶታት ካብ ምልዓል ኣይዓገተን። ልሙዳትን ብብዙሕ ከባቢ ዝለዓሉ ሕቶታት ወረዳና ይመለሰልናን ናብ እከለ ወረዳ ክንውደብ ይገበር፣ ዝብሉ እዮም።

መንግስቲ ውን በብእዋኑ እናፅነዐ ብፍላይ ኣብ ጣብያታት ዝለዓሉ ዝነበሩ ሕቶታት ንልምዓት ብዘይሃሲ መዳዩ እናፈትሐ መፂኡ እዩ። ንኣብነት ርሕቀት ዘለወን ጣብያታት

ምስ ዝቀርበን ወረዳ ክውደባ ብምግባር፣ በዝሐ ህዝቢ ዘለወን ጣብያታት ካብ ንኡስ ወረዳን ካብ ዋና ወረዳን ራሕቂ ዘለወን እናተፀንዓ ኣብ በቢ ጣብያአን ብናይ ወረዳ ደረጃ ሙሉእ ናይ ፍትሕን ፀጥታን ቤት ፍርድን ክህልወን ምግባር ብሰፊሑ እናተሰርሐሉ ዝመፀ እዩ፡፡ ንኣብነት ኣብ ቀረባ እዚ ግልጋሎት ዝረኸባ ንምጥቃስ ዝኣክል ማይ ካድራ፣ ጅጅዋ፣ ጎሮሮ ይርከበአን፡፡

ናይ ክልልና ልምዓት ንምቅልጣፍ እውን ዘሎ ዑቑር ሃፍቲ ከባቢና ብዝግባእ ኣብ ልምዓት ንምውዓል ክልተ ፋሉይ ዞባ ናይ ልምዓት ኮሪደር (ምዕራብን ደቡብን ናይ ልምዓት ኮሪደር) ብምጥያሽ ካብተን ካልኦት ዞባታት ብዝተፈለየ ደረጃ ኣብ ዞባ ናይ መንግስታዊ ቴክኒካል ድጋፋት ዝወሃበሉ ፋሉይ መሓውር ተሰሪሑ ልምዓት ኣብ ምድጋፍ ይርከብ፡፡

## *6.4 እዚ ኣካልላ ኣብ ልምዓት ዘለዎ ፋይዳ*

እዚ ኣካልላ እዚ እቲ ኣብ 80 ወረዳታት ክብተን ዝነበረ ምምሕዳራዊ ወፃኢታት ብምትራፍ ወረዳታት ኣብ 34 ክካለላ ብምግባር ናይተን 46 ምምሕዳራዊ ወፃኢ ናብ መሰረተ ልምዓትን ቀንዲ ፀገማት ህዝቢ መፍትሒን ክውዕል ብምግባር ኣብ ልምዓትና ሩኡይ ግደ ተፃዊቱ እዩ፡፡ እዚ ብመረዳእታ ደጊፍካ ንምርኣይ ናይ ሓንቲ ወረዳ ናይ 2008 ዓ.ም. ጭቡጥ ባጀት ወሲድና ንርአ፡፡

እዛ ወረዳ ኣብ 2008 ዓ.ም. ዝተበጀተላ ባጀት ብዓይነት ወፃኢታትን ብቤ/ት ወይ መሓውር መንግስቲን ዝስዕብ ይመስል፡፡

ባጀት 2008 ዓ.ም. ብዓይነት ወፃኢ

| *ዓይነት ባጀት* | *መጠን ብብር* | *ጠቕላላ መጠን ብብር* | *%* |
|---|---|---|---|
| *መሃያን ጥቕማጥቕምን* | | *90,451,001.00* | **71.2%** |
| *መሳርሒታትን ግልጋሎትን* | | | |
| መሳርሒታት | 5,232,983.00 | | **4.1%** |
| ኣበልን ትራንስፖርትን | 3,728,254.00 | | **2.9%** |
| ሕድሳትን ፅገናን ግልጋሎት | 1,553,000.00 | | **1.2%** |
| ብውዕሊ ዝወሃብ ግልጋሎት | 2,027,676.00 | | **1.6%** |
| ስልጠና | 4,998,144.00 | | **3.9%** |
| *ጠቕላላ መሳርሒታትን ግልጋሎትን* | | *17,540,057.00* | **13.8%** |
| *ቀዋሚ ኣቑሑትን ህንፀት ተንከፍን* | | | |
| ቀዋሚ ኣቑሑት | 625,380.00 | | **0.5%** |
| ህንፀት መሰረተ-ልምዓት | 13,000,000.00 | | **10.2%** |
| *ጠቕላላ* | | *13,625,380.00* | **10.7%** |

| ዓይነት ባጀት | መጠን ብብር | ጠቕላላ መጠን ብብር | % |
|---|---|---|---|
| ካልኦት ክፍሊታት | | 5,432,742.00 | 4.3% |
| | | 127,049,180.00 | 100.0% |

ባጀት 2008 ዓ.ም. ብመንግስታዊ ቤ/ፅ

| Sr. N | code | መንግስታዊ ቤ/ፅ | Total Wereda Budget |
|---|---|---|---|
| 1 | 111 | ቤት ምክሪ | 1,808,902 |
| 2 | 112 | ወረዳ ቤት ፅሕፈት | 1,923,945 |
| 3 | 119 | ጉዳይ ደቂ ኣንስትዮ | 463,647 |
| 4 | 121 | ፍትሐ. ቤ/ፅ | 1,405,558 |
| 5 | 122 | ቤት ፍርዲ | 2,128,214 |
| 6 | 127 | ፖሊስ ቤ/ፅ | 6,540,334 |
| 7 | 132 | ቃዲ ቤት ፍርዲ | 144,469 |
| 8 | 134 | ፀጥታ ቤ/ፅ | 369,593 |
| 9 | 135 | ምላሽ ቤ/ፅ | 669,791 |
| 10 | 152 | ቤ/ፅ ፋይናንስን ኤ/ልምዓትን | 2,650,474 |
| 11 | 153 | ርክብ ህዝብን መንግስትን | 1,065,086 |
| 12 | 155 | ስቪል ሰርቪስ ቤ/ፅ | 2,086,032 |
| 13 | 157 | ቴክኒክን ሞያን ት/ስልጠናን ቤ/ፅ | 105,302 |
| 14 | 158 | ልምዓት እቶት ቤ/ፅ | 1,431,193 |
| 15 | 211 | ሕርሻን ገጠር ልምዓትን | 10,084,712 |
| 16 | 216 | ሕብረት ስራሕ ማሕበር ቤ/ፅ | 1,464,811 |
| 17 | 219 | ሓለዋ ከባቢን ም/መሬት ቤ/ፅ | 1,028,043 |
| 18 | 221 | ማይ ሃፍቲ ቤ/ፅ | 4,122,183 |
| 19 | 231 | ንግድን ኢንዱ/ከተማ ልምዓት ቤ/ፅ | 2,381,610 |
| 20 | 277 | ኮንስትራክሽንን ትራንስ ቤ/ፅ | 12,525,381 |
| 21 | 311 | ትምህርቲ ቤ/ፅ | 51,566,851 |
| 22 | 331 | መናእሰይን ስፖርትን ቤ/ፅ | 1,309,952 |
| 23 | 341 | ሓለዋ ጥዕና ቤ/ፅ | 17,357,323 |
| 24 | 351 | ሰራሕተኛን ማሕበራዊ ጉዳይን ቤ/ፅ | 616,964 |
| | 400 | መጠባበቒ | 1,798,810 |
| | | | **127,049,180** |

| ዓይነት ወፃኢታት | መጠን ብብር |
|---|---|
| ንገጠር ልምዓት ፕሮጀክታት | 1,863,299.00 |
| ንስራሕቲ ማይ ፕሮጀክታት | 2,050,000 |
| ንገጠር መንገዲ ፕሮጀክታት | 11,500,000.00 |
| ንቤት ትምህርቲታት /ክሳብ መሰናድኦ/ | 45,871,545.00 |
| ንመናእሰይን ስፖርትን ፕሮጀክታት | 969,133.00 |

| | |
|---|---|
| ንክሊኒካትን ጥዕና ጣብያታትን | 10,402,712 |
| ንሆስፒታላት | 4,450,143 |
| ፍትሒ ቤ/ፅ | 702,779.00 |
| ቤት ፍርዲ | 1,064,107.00 |
| ፖሊስ ቤ/ፅ | 3,270,167.00 |
| **ጠቅላላ ንፕሮጀክትን ኣብ ጣብያ ንዝሳለጡ ወፃኢታትን** | **82,143,885** |

ካብዚ ኣብላዕሊ ተገሊፁ ዘሎ ሰደቓ እንግንዘቦ ጠቕላላ ናይ ዛ ወረዳ ባጀት 127,049,180 እንትኾን ካብዚ እቲ 82,143,885 ንኩለን ጣብያታት ዝተመደበ ፕሮጀክትን ኣብቲ ጣብያ ንዝወሃቡ ግልጋሎታትን ዝውዕል እዩ። እቲ ዝተረፈ (127,049,180 - 82,143,885) ብር 44,905,295 ከዓ ንታወረዳ ናይ ምምሕዳር ወፃኢታትን ብወረዳ ማእኸል ደረጃ ንዝወሃቡ ግልጋሎታትን ዝውዕል ማለት እዩ። እዚ ብ% እንትግለፅ 64.7% ንፕሮጀክታትን ኣብ ጣብያታት ንዝወሃብ ግልጋሎትን ዝውዕል እንትኾን ኣብ ወረዳ ማእኸል ንዝውዕል ምምሕዳራዊ ወፃኢን ግልጋሎትን ከዓ 35.3% ይኸውን ኣሎ ማለት እዩ።

ብኻሊእ ኣበሃህላ ምስቲ ሐዚ ዝቐርብ ዘሎ ወረዳታትና ይመለሰልና ሕቶ ኣተሓሒዝና ክንሪኦ ከለና ሓንቲ ወረዳ እንድሕር ነጣይሽ ኮይንና 35.3% ናይ ጠቕላላ ባጀታ ንምምሕዳራዊ ወፃኢታት ኮይኑ እዚውን ወረዳ ብምኽና ጥራሕ ዝውሰኽ ተወሳኺ ናይ ምምሕዳር ወፃኢታት ማለት እዩ። እዚ ከዓ ያው ካብቲ 64.7% ወይከዓ ካብ ፕሮጀክታትን ኣብ ጣብያ ዝስርሑ ስራሕትን ብምንካይ ዝምደብ ባጀት ማለት እዩ።

ንኣብነት እዛ ብር127,049,180 ባጀት ዝተመደበላ ወረዳ እዚኣ ንበል 20 ጣብያታት ኣለዋኣ፣ እዘን ዒስራ ጣብያታት እዚኤን ከዓ በቲ ናይ ቀደም ወረዳ ዓዓሰርተ ጣብያ ሒዘን ክልተ ወረዳ ዝነበራ እየን ፣ ዘለወን መሰረተ ልምዓትን ትካላት መንግስትን ኣብ ክልተ ብማዕረ ክምቀል ዝኽእል እዩ እንተኢልና። ብመሰረት ሕቶ ወረዳና ይመለሰልና'ውን ንመልሰሎም እሞ ክልተ ወረዳታት ንግበረን እንድሕር ኢልና እንታይ እዩ ሳዕቤኑ?

ኣብዙ ሐዚ እዋን ሓንቲ ወረዳ ከም ወረዳ እግሪ ተኺላ ክትከድ ንምምሕዳራዊ ወፃኢ ጥራሕ ብር 44,905,295 እንድሕር ዘድልያ ኮይኑ፣ እዚ ብ2 እንትራባሕ (ኣብ 2 ስለዝምቀላ ንክልቲኤን ምምሕዳራዊ ወፃኢ ማለት እዩ) ብር 89,810,590 ይኸውን። ሓንቲ ወረዳ ኣብ ክልተ ስለተኸፈለት ዝመፅእ ወይ ዝውሰኽ ባጀት ስለዘየለ እዛ ወረዳ እንድሕር ኣብ 2 ተኸፊላ እታ ዝተመደበትላ ባጀት እውን እያ ኣብ ክልተ ትምቀል እምበር ካሊእ የለን። ስለዚ ካብቲ ጠቕላላ ባጀት ብር 127,049,180 ውሽጢ እቲ ንምምሕዳራዊ ወፃኢታት ናይ ወረዳ ማእኸል ብር 89,810,590 እንትጎድሎ ዝተርፍ ብር 37,238,590

ኣብ ጣብያታት ንዝስራሕ ፕሮጀክትን ዝወሃብ ግልጋሎትን ይኸውን ማለት እዩ። እዚ ኣብ ክልተ ወረዳ እንትምቀል ብር 18,619,295 ንሓንቲ ምቃል ወረዳ ኣብ ጣብያኣ ንዝስራሕ ስራሕ ይምደበላ ማለት እዩ። እዚውን ከምዘሎ እቲ ባጀት ኣብ ክልተ ንምቀሎ እንድሕር ኢልና እዩ። እንድሕር ኣብ ክልተ ዘይተኸፋላ ግን ብር 41,071,942.50 ይበፅሓ ኣሎ ማለት እዩ። እዚ ማለት ከዓ እታ ተፈሊያ ትኸድ ወረዳ፣ ወረዳ ብምዃና ካብቶም ሰለስተ ናይ ፍትሒ ኣካላት (ቤት ፍርዲ፣ ፍትሒን ፖሊስን ከይተፈለየት እውን ብደረጃ ወረዳ ግልጋሎት ስለትረክብ) ካብኡ ወፃእ ዘለዉ መንግስታዊ ግልጋሎታት ኩሎም ብቀረባ ግልጋሎት ብምርካባ ከም ረብሓ ክቁፀር ይኽእል፣ ካብዚ ብተወሳኺ ኣብታ ወረዳ ማእኸል ትኾን ዘላ ከተማ /ሓዳሽ ወረዳ/ ካብቲ ዝነበራ ንግዳዊ ምንቅስቃስ ቁሩብ ክውስኽ ይኽእል ምኽንያቱ ገለ መንግስቲ ሰራሕተኛታት ንኣኼባ ካብተን 10 ጣብያታት እንትመፁ ክሕንሽሹ ስለዝኽእሉ። ካብዚ ብተወሳኺ ብርክት ዝበለ ናይ ወረዳ ማእኸል ሰራሕተኛ ስለዝቑፀር ናይ ስራሕ ዕድልውን ትኸፍት ትኽእል ማለት እዩ።

ብኻሊእ መዳዩ ከዓ እዛ ሓዳሽ ተጣያሺት ወረዳ ብምፍላያ ጥራሕ ንተን 10 ጣብያታት ብመልክዕ ፕሮጀክታት ክበፅሐን ዝነበረ (41,071,942.50-18,619,295=) ብር 22,452,647.50 ይስእና። ምኽንያቱ ንታ ወረዳ መጣየሺ ምምሕዳራዊ ወፃኢ ስለዝምደብ። እታ ትንፀል ወረዳ፣ ንቲ ወረዳ ማእኸል ዘድሊ መጣየሺ ናይ ቤ/ፅ ህንፃታት፣ ናይ ቢሮ ቆዋሚ ንብረታት ካልኦት መትከሊ እግሪ ስለዘድልያ፣ እቲ ንፕሮጀክትን መሰረተ ልምዓትን ጣብያታት ዝተብሃለ 18.6 ሚልዮን እውን ኣይኣኽላን ስለዚ ንተኸታታሊ 4-5 ዓመት ዝምደበላ ባጀት ንመሃያን ካልኦት ምምሕዳራዊ ወፃኢታት እናኸፈለት 4-5 ዓመት ጥር ትብል ለውጢ ኣብ ህዝቢ እንተይ ኣምፀአት ሓደ ሙሉእ GTP ደቂሳ ተሕልፎ ማለት እዩ። እታ ነባር ወረዳ እውን ኣብ ምምሕዳራዊ ወፃኢ ዝውሰኻ ነገር እንተዘየለ ምኽንያቱ ንዑኡ ዝኾን ባጀት ተተኺሉ ዝሓደረ ስለዝኾነ። ግን ድማ ንፕሮጀክት ዝምደብ ዝነበረ ባጀት ተቑኒሱ ናብ ምምሕዳራዊ ወፃኢታት ስለዝምደብ፣ ብተዘዋዋሪ ንዓኣ ዝበፅሓ ዝነበረ ካፒታል ባጀት ምጉዳሉ ኣይተርፍን። ስለዚ እዚ ወረዳና ይመለሰልና ዝብል ሕቶ ንተነፃሊት ወረዳ ኣይጠቅም ንነባር ወረዳ ኣይጠቅም ንኩለን ዝጎድእ ሓደገኛ ሕቶ እዩ።

## *7 እዚ ብክልል ደረጃ ዘለዎ ፅልዋ እንታይ ይመስል?*

ከምቲ ኣብላዕሊ ዝተገለፀ 81 ወረዳታት ነይረን ናብ 35 ወረዳታት እንትውደባ ኣብዚ ዳርጋ መብዛሕተን ዝተደረባ ንኡሳን ወረዳታት ናይ ወረዳና ይመለሰልና ሕቶ ዝሓተታ እየን።

ስለዚ እዚ ወረዳና ይመለሰልና ዝበሃል ሕቶ ንመልሶ እንድሕር ኢልና ዘለዋና ወረዳ ብዕፀፊ ነዕቢ ኣለና ማለት እዩ። ንሓንቲ ወረዳ ማእኸል ንኣብነት ንወረዳ ኣሕፈሮም ንምምሕዳራዊ ወፃኢታት ከምቲ ኣብ ላዕሊ ዝተገለፀ ብር 41,071,942.50 እንተ ኮይኑ ሐዚ ንምድቦ ዘለና ንወረዳ ማእኸል መሓውርና ምምሕዳራዊ ወፃኢታት ብክልል ደረጃ ብ34 ኣራቢሕካ እንትረአ ብር 1,396,446,045 ወይከዓ 1.4 ቢልዮን ብር ይኾን ኣሎ። እዚ ብዕፅፊ ክዓቢ ክሎ 2.8 ቢልዮን ብር ይኸውን። ስለዚ ኣብ ዓመት ንካፒታል ባጀትን ብቀጥታ ኣብ ሕድሕድ ጣብያ ናብ ህዝቢ ዝቀርብ መንግስታዊ ግልጋሎትን ብክልል ደረጃ ብር 1.4 ቢሊዮን ይንኪ። ምኽንያቱ ወረዳ ብምብዛሕና ኣብቲ ናይ ሃገር ለኸ መዐቀኒ ናይ ባጀት ድጎማ ዝፈጥሮ ለውጢ ስለዘየለ እቲ ፃውራ ክልልና በይና ትሽከሞ ማለት እዩ። እሞ ሐዚ ኣብ ድኽነት ኮይንና ንድኽነት መጥፍኢ ፕሮጀክታት ዓቢና ኣብ መሃያን ስራሕ መካየዲን ነውዕሎ ማለትስ ከመይ ገይሩ ናይ ፍትሓዊነት ሕቶ ክኾን ይኽእል?

እዚ ብሚእታዊ እንትግለፅ ከዓ 35.3% ዝነበረ ምምሕዳራዊ ወፃኢ ብዕፅፊ ብምዕባይ 70.6% ይኸውን ኣሎ። ንመሰረተ ልምዓትን ካፒታል ፕሮጀክታትን 64.7% ዝነበረ ናብ 29.4% ይወርድ ኣሎ። እዚ ማለት ከዓ

- እቲ ባጀት ንመሃያ ጥራሕ ክውዕል ብምግባር ልምዓትና ተሰናኺሉ ጠጠው ክብል ይገብር፣ ስለዚ መጠን ድኽነት ክልልና 22% ህዝብና ኣብ ትሕቲ ሑሱም ድኽነት ይርከብ፣ ነዚ ድማ ኣብ ዝቕፅል 5 ዓመት ብፍርቂ ንምንካይ ኣብ ልምዓት ተኮር ፕሮጀክታት ኣትኲርና ክንሰርሕ ኣለና እናበል ሐዚ ብምንታይ ዓይኒ ክረአ ክሎ እዮ ጠቕላላ ፕሮጀክትታትና ብ55% ንቐንሶም ንብል ዘለና
- ናይ ስራሕ ዕድል ዝኸፍት እኳ እንተኾነ፣ ግን ድማ ልዕሊ ዓቐን ሰራሕተኛታት ብምቁፃር 8 ሰዓት ዘይሰርሕ ሰራሕተኛ ምብዛሕን ናይ ህዝቢን መንግስትን ገንዘብ ምብኻን ማለት እዩ።
- ሐዚ ዘሎ ናይ ክልልና ናይ መንግስቲ ሰራሕተኛ ቁፅሪ እንትረአ ዳርጋ ናብ 100 ሽሕ ዝፅጋዕ እዩ ኮይኑ ዘሎ፣ እዚ ማለት ከዓ 1 መንግስቲ ሰራሕተኛ ን52 ሰብ የገልግል ኣሎ ማለት እዩ። ናይ ካልኦት ክልላት እንትረአ ኣብ 70ታት እዩ ዘሎ። ናይ ካልኦት ሃገራት እንትንርኢ ብፍላይ ኣብ ማእኸላይ እቶት ዘለዋ ሃገራት ካብ 65 — 70 እየን ዘለዋ። ስለዚ ንሕና ናይ ወረዳታት ዴሞክራሲያዊ ሕቶ ንምምላስ ኢልና እቲ ኣብ ዓለም ዘየለ ናይ ሰራሕተኛ በዝሒ ናብ ትሕቲ 50 ምውራድ ትኽክል ኣይኮነን።

- ድምር ኣቢለ እንትሪኦ እዚ ወረዳና ይመለሰልና ዝብል ሕቶ ዴሞክራሲያዊ ሕቶ እዩ ዝብል እምነት እንተሃለወኒ ፍትሓዊ ግን ኣይኮነን ዝብል መደምደምታ በፂሐ ኣለኹ፡፡ ምኽንያቱ
    - እዚ ሕቶ ብምምላሱ ጠቕላላ ናይ ልምዓት ጉዕዞና ንድሕሪት ዝመልስ ብምኳኑ፣
    - ካብታ ኣብ ላዕሊ ዝገለፅኩዋ ኣብነይ ካብተን ዝንፀላ 10 ጣብያታት እታ ሓንቲ ጣብያ (ማእኸል ወረዳ ትኾን ከተማ) ጥራሕ ጊዚያዊ ናይ ንግዲ ምንቅስቃስ ጥቅሚ ትረክብ እንተዘይኮይኑ እተን ዝተረፋ 9 ጣብያታት ግን ቅድም ክብል ዝረኽበኦ ዝነበራ ጥቅሚ ዘስእን ብምኳኑ ን ናይ 90% ህዝቢ ረብሓ ዝጎድእን እዩ፡፡
    - ናይ ህዝብን መንግስትን ገንዘብ ኣብ ዉሑዳት ደሞዝተኛ ሰራሕተኛ ክውዕል ብምግባር ዘይፍትሓዊ ባጀት ምደባ ስለዝገብር

# 8 ናይ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ኣወዳድባ ዝርከቦ ረብሓ

ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ካብቲ ዝነበረ ናይ 81 ወረዳታት ኣወዳድባ ናብ 35 ወረዳታት ክቅነሳ ብምግባር ብርክት ዝበለ ገንዘብ መንግስትን ህዝብን ናብ ልምዓት ክዋፈርን እዚ በዚሕናዮ ዘለና ደረጃ ዕብየት ንክበፅሕ ናይ ባዕሉ እጃም ዘወፈየ እዩ ምባል ይከኣል፡፡ ናብዚ መደምደምታ ንምብፃሕ ናታ ኣብ ላዕሊ ዝረኣናያ ሓንቲ ወረዳ መበገሲ ባጀት ወሲድና ንርአ፡፡ ናይታ ወረዳ ባጀት 35.3% ንምምሕዳራዊ ወፃኢ እንትኾን 64.7% ድማ ንፕሮጀክታትን ኣብ ጣብያታትን ንዝፍፀሙ ስራሕትን ዝወሃቡ ግልጋሎትን ክምስውዕል ሪኢና፡፡ እዛ ወረዳ ናብቲ ቅድሚ 1987 ዓ.ም. ዝነበረቶ ናብ ክልተ ወረዳ ትመቐል እንድሕር ኢልና እቲ ናይ ምምሕዳር ወፃኢኣ ብዕፅፊ ክምዝውስኽን ናብ 70.6% ክምዝዓቢን ሪኢና፡፡

ካብዚ ምርዳእ ዝከኣል ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ኣብ 1987 ዓ.ም. ናይ ወረዳታት ዳግመ ውደባን ምክላልን ብምግባሩ ጥራሕ በቢ ዓመቱ ናይ 35.3% ዓመታዊ ባጀቱ ብምቁጣብ ናብ ድኽነት ተኮር መደባት ከዙር ኪኢሉ እዩ፡፡ እዚ ማለት ከዓ ካብ 1987 ዓ.ም. ክሳብ ሎሚ 21 ዓመት ብምኺኑ (21-ዓመት X 35.3% =) 741.3% ወይከዓ ናይ 7.4 ዓመት ባጀት ክቁጠብ ኪኢሉ እዩ፡፡

ውድብና ህወሓት ሓደ ውሳነ ክትውስን ከላ ብዘፈቀደ ወይ ብግምት ወይ ስለተሓተተ ዘይኮነስ ብኣንፃር ልምዓትናን ንህዝብናን ዘለዎ ፋይዳ እዩ። ስለዝኾነውን እዚ በፂሕናዮ ዘለና ደረጃ ልምዓት ኣወዳድባ ምትዕርራይ ዓይኒ ሪኢኻ ኣብ ባጀት መዳዩ እንትግምገም ልምዓትና ብ7.4 ዓመት ኣፋጢንዎ ክበሃል ይከኣል።

በቲ ካሊእ ገፅ ድማ እቲ ናይ ወረዳና ይመለሰልና ሕቶ ብእዋኑ ዴሞክራሲያዊ ሕቶ እዩ ኢልካ ፍትሓዊነቱ እንተይተረጋገፀ ውሳነ ተዋሂብዎ ናብቲ ዝነበሮ እንተዝምለስ እዚ ሐዚ በፂሕናዮ ዘለና ብርኪ ዕብየት ገና ሐዚ ኣይምበፃሕናዮን፣ ምናልባት ከምቲ ናይ 1997 ዓ.ም. ዝነበረ ዕግርግር ብተደጋጋሚ ኣጋጢሙ ናብ ድሕሪት ናይ ምምላስ ዕድል እውን ከጋጥመና ነይሩ ይኽውን ምኽንያቱ እቲ ህዝቢ ካብ ውድቡን መንግስቱን ዝፅበዮ ስለዘይረክብ። ወይከዓ ሰላማዊ እንተኾይኑውን ምናልባት ድሕሪ 7.4 ዓመት (ኣብ 2016 ዓ.ም.) ገና ክንበፅሖ ነይርና ንኾን።

እሞ እዚ ዝወሰነት ውድብስ ከመይ ጌርካ እዩ ዘይ ፍትሓዊ ውሳነ ዘይወሰነት ውድብ ኣይውድብናን ዝበሃል? እምበር ከ ናይ ሓቂ ናይ ህዝቢ ሕቶ ድዩ?

## 9 ክኾን ዘለዎ

ናይ ወረዳና ይመለሰልና ሕቶ ህዝቢ ዴሞክራሲያዊ ሕቶ ስለዝኾነ እዚ ዝሓተተ ሰብ መሰሉ ስለዝኾነ መሰሉ ክነኽብረሉ ይግባእ። እዚ ብምሕታቱውን ውፅኢት ቃልስና ብምዃኑ ኩላትና እንኮርዐሉ እዩ። ግን ድማ ንዝኾነ ዴሞክራሲያዊ ሕቶ ግቡእን ፍትሓዊን ምላሽ ክወሃቦ ይግባእ። እዚ ዘለናዮ ስርዓት ህዝባዊ፣ ዴሞክራሲያዊን ሕገመንግስታዊን ስርዓት እዩ፣ ኣብዚ ስርዓት እዚ ስልጣን ዝተሓዝ ብናፃን ዴሞክራሲያዊን ምርጫ ጥራሕ እዩ። እዚ እንትበሃል ህዝቢ ብነፃነት ንክመርፅ ኩሉ ኣለኒ ዝብሎ መማረፂ እንተይተሰከፈ ኣማራፂ ፖሊሲታትን ናይ ልምዓት ስትራቴጂታትን ብምቕራብ ህዝቢ ይኾነኒ ንዝበሎ ከዓ ናፃ ኮይኑ ብምምራፅ ስልጣን ዝህበሉ ስርዓት ማለት እዩ።

ስለዝኾነ ድማ ኣብ ዝሓለፈ 5ይ ሃገራዊ መረፃ ህወሓት/ኢህወዴግ ናይ ህዝቢ ድጋፍ ዝረኸበሉ ቀንዲ ምኽንያት ንዝሓለፉ 13 ተኸታታሊ ዓመታት ንዓለምና ዘደነቐ ፈጣንን ፍትሓዊን ዝበሃል በዓል ክልተ ኣሃዝ ኢኮኖሚያዊ ዕብየት ስለዘመዝገበ፣ እቲ ዝተረኸበ ልምዓትውን ኣብ ሕድሕድ ገዛ ስለዝኣተወ፣ ንቀፃሊውን ዝሓዞም መደባት ብጣዕሚ ዘነምጅዉን ንሃገርና ካብ ድኽነት ኣውፂኡ ናብ ማእኸላይ እቶት ዘለዎን ሃገራት ተርታ ዘሰልፍ ብምዃኑ፣ ፍትሓዊ ሃፍቲ ክፍፍልን ዝገብር ፖሊሲን ስትራቴጂን ዝኽተል

ብምኳኑ፣ ዘጋጥሙ ፀገማት እውን ቀልጢፉ ሰሚዑ ከይወዓለ ከይሓደረ ንውሽጡ ፈቲሹ ዝፈትሕ ብምዃኑ እዩ ተመሪፁ፡፡

ስለዚ ብሽም ዴሞክራሲያዊ ሕቶ ተላዒሉ ዝብል ነቲ ኣብ 5ይ ሃገራዊ መረፃ ቃል ዝኣተዎ ንድሕሪት ዝመልስ፣ ድኽነት ዘበኣእስ፣ ፍትሓዊ ናይ ሃፍቲ ክፍፍል ዘልምስ፣ ንናይ ህዝቢ ረብሓ ዝጎድእ ውሳነ ክውስን የብሉን፡፡

ናይ ወረዳና ይመለሰልና ሕቶ ሕቶ ናይ ልምዓት ፃምእ፣ ድሌት መሰረተ ልምዓት ምኳኑ ብምርዳእ ግን ናይ ህዝቢ ናይ ልምዓት ድሌታት ዘማልኡ ቆጠባይን ውፅኢታዊን ስራሕ ግን ክስራሕ ይግባእ፡፡

ህዝቢ ትግራይ ዝኮነ ዴሞክራሲያዊ ሕቶ ካብ ምሕታት ንድሕሪት ኢሉ ኣይፈልጥን፡፡ እንትሓትት ውን ውድቡ ህወሓት ከምዝምልሰሉ ይተኣማመን እዩ፡፡ ውድብ ዝበለቶ ተቀቢሉ ዝኸድ ንውድቡ ዝኣምንን ህዝቢ እዩ፡፡ ስለዝኾነውን እዚ ናይ ወረዳና ይመለሰልና ሕቶ ሐዚ ኣይኮነን ዝሓተተ፡፡ ኣብቲ ትኽክለኛ ወቅቲ፣ ኣብቲ ሰፊሕ ጉድለት መሰረተ ልምዓት እናሃለወ፣ ኣብቲ ናብ ማእኸል ወረዳ ክትከድ መንገዲ ብዙሕ ሰዓታት ዝወስደሉ እዋን፣ ኣብቲ ገና ትራንስፖርት ዘይኣተወሉ እዋን፣ ኣብቲ ማይ ክትረክብ፣ ትምህርቲ ክትረክብ፣ ግልጋሎት ጥዕና ክትረክብ መንገዲ ሰዓታት ትጓዓዘሉ እዋን፣ ኣብቲ መልእኽቲ ብደብዳቤን ብበቕሊን ነዊሕ ሰዓታት ዝወስደሉ እዋን ነይሩ ህዝቢ ትግራይ ናይ ወረዳ ና ይመለስ ናይ ጣብያ ንኹን ሕቶታት ዝሓተተ፡፡ ሽዑ ውድቡ ከምዚ ኣብላዕሊ ተንቲንና ዘቕረብናዮ ንነገራት ተንቲና የማነ ፀጋም ሪኣ ዝጠቕሞን ዘይጠቕሞን ሓቢራ ምላሽ ምስ ሃበቶ፣ <u>***እቲ ዝኣመነ ኣሚኑ ተቐቢሉ እንትኸድ እቲ ዘይኣመነውን ኣነኳ ኣይኣመንኩን ግን ውድብ ኣይትጋገን ካሊእ መንደ ኣለዋ እዩ ዘይ ነዓና ንህዝቢ ትግራይ ኢላ እያ እዙኹሉ መስዋእቲ ትኸፍሎ ዘላ ስለዚ ዋላ ኣይእመነሉ ቀስ ኢሉ ይርደአኒ ናይ ውድበይ ይሓሸኒ ኢሉ እዩ ዝኸድ ነይሩ፡፡***</u> እቲ ናይ ውድቡ ውሳነ ከዓ ክንደይናይ ፍትሓዊ፣ ህዝባዊን ትኽክለኛን ምኳኑ ከይወዓለ ከይሓደረ ይሪኦን የስተማቕሮን ነይሩ፡፡ ከምዚ ስለዝኾነ እዩ እቲ ዘመዝገብናዮ ልምዓት ቀልጣፉ፣ ፍትሓዊን ቀፃልነት ዘለዎን ንብል፡፡

እሞ ሐዚ ደኣ ከመይ ገይሩ ሕቶ ወረዳና ይመለሰልና ዝብል ሕቶ ይሕተት? ይተሓተት ዴሞክራሲያዊ ሕቶ እዩ፡፡ ግን ናይ ብሓቂ ናይ ህዝቢ ሕቶ ድዩ? ምኽንያቱ፡-

- ኣብቲ ናብ ማእኸል ወረዳ ክትከድ መንገዲ ብዙሕ ሰዓታት ዝወስደሉ እዋን ሓቲቱ ውድቡ ምላሽ ሂባቶ ተቐቢሉ ዝሓደረ ሐዚ ኣብ መንገዲ ዝኣተወሉን ናይ ሰዓታት

ጉዕዞ ናብ ደቓይቕ ኣብ ዝወረደሉ እዋን እንታይ ኮይኑ ናይ ውድቡ ምላሽ ዘይሰምዕ?፣

- ኣብቲ ማይ ክትረክብ፣ ትምህርቲ ክትረክብ፣ ግልጋሎት ጥዕና ክትረክብ መንገዲ ሰዓታት ስለንንዓዝ ወረዳ እንተኾይንና እዚኤን ክሓፅራልና እየን ኢሉ ሓቲቱ፣ ግድየለ/ደሓን ሕቶ መሰረተ ልምዓት ወረዳ ብምኧን ኣይምለስን ፍትሓዊ መስመር ብምሓዝ እዩ ኢላ ውድብ ምስ መለሰትሉ ብምላሽ ውድቡ ዓጊቡ ዝተመለሰ ሐዚ እዚኤን ኩለን ሕቶታት መሰረተ ልምዓት ምምላስ ምጀመራ ዝለዓል ናይ ወረዳ ሕቶ እንታይ እንታይ ንምርካብ?
- ወረዳ ሪሒቑና መደብ፣ ደብዳቤ፣ መልእኽቲ ቀልጢፉ ኣይበፅሐና ነዊሕ ሰዓታትን ብዙሕ መዓልትን ይወስደልና፣ ኣብ መንገዲ ይጠፍእ ኣሎ ስለዚ ናይ ወረዳና ሕቶ ይመለሰልና ኢሉ ሓቲቱ፣ ውድብና ደሓን ትዕግስቲ ንግበር ክማላእ እዩ ተባሂሉ ዝሰምዐ ህዝቢ፣ ሐዚ ደኣ ስልኪ ኣብ በቢጣብያኡ፣ ሞባይል ኣብ በቢኢዱ ኣብ ዝተማለአሉ ከመይ ገይሩ ወረዳና ይመለስ ሕቶ ይቐርብ?

ኣብቲ መጀመሪያ ከምዝተገለፀ፣ ናይ ክቡር መራሒና ናይ ኩሉ ጊዜ ጭርሖን ዝሃበና ሕድርን ትሕዝቶኡ <u>***"ኣብ ድኽነት ዝኸፍእ ፀላኢ የብልናን፣ ስለዚ ካብዚ ክፉእ ፀላኢ ንምልቓቕ ኩሉ ዓቕምታትና ኣዋዲድና ከም ጋሪ ፈረስ ናብ ወፍሪ ድኽነትን ድሕረትን ምጥፋእ ክንወፍር ኣለና"***</u> ዝብል ነይሩ፡፡ እሞ ሐዚ ደኣ ከመይ ገይርና ሕድሪ ክቡር መራሒና መለስ ንርስዕ?

እምበኣር ነዚ እዩ እቲ ሕቶ ምልዓል ምንግም ኣበር ዘይብሉ ዋላውን ዴሞክራሲያዊ መሰል እዩ እንተበልና ግን ፍትሓዊ፣ ንህዝቢ ተረባሒ ንምግባር ወይ ንህዝቢ ብምሕሳብ ዝተልዓለ ዘይኮነስ እቲ ሓደ ብገርሁ እቲ ካሊእ ብጉርሑ ዘልዓልዎን ብሓደ ዘጣቕዕሉ ሕቶ እዩ ዝብል ዘለኹ፡፡

# 10 ኣብ ክሊ ወረዳና ይመለስ ዝብል ሕቶ ክህሉ ዝኽእል ኣሰላልፋ

## 10.1 ፃምእ መሰረተ ልምዓት ዝወለዶ

እዚ እቲ ናይ ኣብዝሓ ህዝቢ ሕቶ ኮይኑ ሳላ ቅኑዕ ልምዓታዊን ዴሞክራሲያዊን መስመራትና ዝተፈጠረ ናይ ልምዓት ጠለብ እዩ፡፡ ባህሪ ልምዓታዊን ዴሞክራሲያዊን

መስመርና ጠላባይ ሕብረተሰብ ብምፍጣር ንቲ ናይ ልምዓት ምንቅስቃስ ናህሪ ክውስኽ ብምግባር ልምዓት ዘቀላጥፍን እቲ ልምዓታዊ ሰራዊት ከይድቅስ ዘበራብር ብምኳኑ ቅኑዕ መበገሲ ዘለዎ እዩ። እዚ ከምዚ ዓይነት ሕቶ ብፍትሓዊን ልምዓታዊን መንገዲ ንክፍታሕ ዝሕተት ብምኳኑ ምስ ወያናይ ዴሞክራሲ ዝረዳዳእ ሓይሊ እዩ። ብሱሩውን እዚ እቲ ቀንዲ ልምዓታዊ ሰራዊት እንብሎ ሓይሊ እዩ። እዚ ሓይሊ እዚ እቲ ኣብ ገጠር ጣብያታት ዝነብር ገባርን ኣብ ከተማታት ዝነብር ህዝቢን ኣብ ደኣንት ተዋፊሩ ዝንቀሳቀስ ናይ ልምዓት ሓይሊን እዩ።

## 10.2 ዕዳጋ ዝወሓዶ

እዚውን ከምቲ ናይ መሰረተ ልምዓት ፃምእ ዘለዎ ሰፊሕ ዕዳጋ ክፍጠረሉ ዝደሊን እቲ ዕዳጋ እንትፍጠር ከዓ ብውድድር ክዓቢ ዝደሊ እዩ። እዚ እቲ ጥንኩር ጎኑ ብልምዓታዊ መንገዲ ክዓቢ ህርፈት ዘለዎ ምኳኑ፣ እቲ ድኹም ጎኑ ከዓ ከምዝገበርካ ጌርካ ኣምፃዮ፣ ***"የትም ፍጪው ዱቄቱን ኣምጭው"*** ዝዓይነቱ ኣብ ፍትሓዊነት ስለዝደራደር እዩ። ግን እቲ ቀንዲ ነገር ብልምዓታዊ መንገዲ ክሓልፈሉ ስለዝደሊ ከም ተንዳኢ ኣይሕሰብን

እዚ ዘይነዓቕ ቁፅሪ ዘለዎ ኮይኑ፣ ብቀንድነት ኣብ ናይ ከተማ ደኣንትን ተዋፊሮም ካብ ዝሰርሑ ውሽጢ ብዕዳጋ ምስኣን ዘንፀርፅር፣ ብስእነት ሰናይ ምምሕዳር አዐርዩ ዝተጎድአ ክፋል ሕብረተሰብ ኮይኑ እዚ ሕቶ ህዝቢ እንተተመሊሱ ረብሕኡ ዝረጋገፀሉን ንክምለሰሉ ዝደልን እዩ። እዚ ሓይሊዚ ዋላ ናይ መደናገርቲ በለካ ለኽዐካ እንተሰምዐ ውን፣ ንውድቡ ንበላዒ ኣሕሊፉ ዘይህብን፣ ሕቶኡውን ውድቡን ውድብ ህወሓት ኢህወዴግ ጥራሕ ከምዝምልሱሉ ዝለዓለ እምነት ዘለዎን፣ ብገለ በለፀኛታት ሕቶኡ ተጎዛጉዞም ዝገብርዎ ዘይሕጋዊን ጥራዝ ነጠቕ ምንቅስቃሳትን ብሽሙ ዝጭርሑ ዘይውክልዎ ጭርሖታትን ዘበሳጭውዎ፣ ግን ድማ ፀገሙ ክፍታሕ ዝደሊ ደጋፊ ሓየሊ እዩ።

## 10.3 ትርፍራፊ ቢሮክራሲ ዝፅበ

እዚ ፃምእ ልምዓት የብሉ፣ ጠለብ ሰፊሕ ዕዳጋ ኣይደለ፣ ተወዳዳሪ ክነብር ኣእምሮኡ ዕፁው ዝገበረ ኮይኑ ኣብ መንግስታዊ ቢሮክራሲ ተሾጒጡ፣ ወይ ስልጣን ሒዙ ከም መናበሪ ክወስድ ዝደሊ፣ ናይ ክራይ ኣካብነት ባህጊ ዘለዎ፣ እዚ ናይ ህዝቢ ሕቶ ጉልባብ ብምግባር ናይ ውልቁ ረብሓ ንምምላእ ዝፅዕርን ዘይፍንቅሎ እምኒ ዘይብሉን ብቁፅሪ ኣብዚ እቶ ዘይበሃል ኣዝዩ ውሑድ ዝኾነ እዩ። እዚ ብዋናነት ኣብ መሓውር ውድብና ተሰግሲጉ ብተስፋ ዝፅበ ታሕተዋይ ኣመራርሓ እዩ። እዚ ሓይሊ እዚ ኣብ ሕቶ ህዝቢ ተጎልቢቡ

ንህዝቢ እናዳናገረ፣ ንውድብን መንግስትን ኢድ ብምጥምዛዝ ዘይፍትሓዊ ውሳነ ክውሰንን፣ ናብ ህዝቢ ክበፅሕ/ክከፋፈል ዝነበረ ሃፍቲ ብስልጣንን ብዓስብን ኣቢሉ ናብ ባዕሉ ክዝውር ዝሓልም ሓይሊ እዩ። እዚ ሓይሊዚ ድሌቱ እንድሕር ዘይተማሊኡሉ ሕትኡ እንድሕር ዘይተመሊሱሉ ንውድቡ ኣሕሊፉ ንበላዒ ዝህብን ብቐጥታ ምስ ፀረህዝቢ ሓይሊታት ወጊኑ ንድሕሪት ዘይብል ሓይሊ እዩ። ስለዝኾነውን ምስቶም ቀንዲ ቂመኛታትን ፅግዕተኛታትን ግንባር ብምፍጣር ዘይፍትሓዊ ሕቶ ዘይትምልስ ውድብና ኣይውድብናን፣ ውክልናና ይለዓለልና እንትብሉ ይድመፁ ነይሮም። እዚ ሓይሊ እዚ ስምዒት ህዝቢ እናዳመፀ ዝንዓዝ፣ ህዝቢ እንትነቅሕን ናብ ውዑይ ቃልሲ እንትኣቱን ዘፅቅጥ ወይ ርእሱ ዘድንን ሓይሊ እዩ። ዘይሩ ዘይሩ ብትኹረት ክረአ ዝግበኦ እዩ።

## 10.4 ዕሉል ፅግዕተኛ ክራይ ኣካቢ

እዚ እቲ ዓይነ ዘፍጠጠ ክራይ ኣካቢ፣ ቀንዲ ፀላኢ ናይ ወያናይ ዴሞክራሲ ወይከዓ ዋና ፀላኢ ናይ ልምዓታዊን ዴሞክራሲያዊን መንግስቲ እዩ። እዚ ሓይሊ እዚ ብዝኾነ ኣጋጣሚ ናይ ህዝቢ ሕቶታት ጉልባብ ብምግባር ሕቶ ህዝቢ ንምምላስ ዘይኮነስ፣ ኣብ መንጎ ህዝብን መንግስትን ወይ ህዝብን ውድብን ነቓዓት ብምፍጣር ህዝቢ ኣብ ውድቡ ቅሬታን ቂምን ክሕዝን ንቲ ስርዓቱ ክፀልእን ብምግባር ኣብ ዝተናወሐ ንስርዓትና ከጥፍእ ዝፅዕር በዓል ዕላማ እዩ። እዚ ሓይሊ ሕቶ ህዝቢ ከም መለዓዓሊ እዩ ዝጥቀመሉ እምበር እቲ ሕቶ ህዝቢ ክምለስ ኣይደልን። እቲ ሕቶ ንከይምለስ እውን ብዝተፈላለዩ ኣገባባት ኣፍራሲን ካብ ስነምግባር ካብ ሕግን ወፃእ ንክኸየድ፣ ኣንፈት ተቋውሞታትን ሕቶታትን ሰላማዊ ሰልፍታትን ናብ ዘይኮነ መንገዲ ክኸድ ዝገብር፣ ሰለማዊ ሰልፍታትውን ብዘይሕግን ብዘይ ፍቓድን ክኸድ ዝገብሩን ዝመርሑን ሰብ ዕላማ እዮም። እዚኦም ብማሕበራዊ ሚድያን ብበለካ ለዐካን ናብ ዓመፅን ብፅብፅን ክኣትው ዝደፍኡ እዮም። ነዚኦም ውድብን መንግስትን ፈፂሙ ዕድል ክህቦም የብሉን። ጊዜ ከይወሰደ ካብ ህዝቢ ነፂሉ ሕጋዊ ስጉምቲ ክወስደሎም ይግባእ።

ኣብዚ ደንበ ዘለዉ መብዛሕቶም ኣብ ትምክሕትን ፀቢብነትን ዘለዉ ሓይሊታት፣ ካብ ናይ ውድብ መሓውር ብዝተፈላለዩ ናይ ክራይ ኣካብነትን ካልኦት ሕመቓትን ተባሪሮም ናብ ደንበ ፅግዕተኛ ዝተፀንበሩ ቀንዲ ፀረ ህዝቢ ሓይሊታት እዮም።

## 11 መንግስትን ውድብን ክገብርዎ ዝግባእ

እቲ ቀንዲ ነገር እዚ ሕቶ ኣብላዕሊ ዝተገለፁ 4 ሓይሊታት ግንባር ፈጢሮም ዘለዕልዎ ዘሎ ሕቶ ምኺኑ ብምግንዛብ፣ ናይዚ ሕቶ መንቀሊኡ ፃምእ ልምዓትን ፃምእ ሰናይ ምምሕዳርን ዝወለዶ ሕቶ ህዝቢ ምኳኑ ብምግንዛብ፣ ናይ ህዝቢ ሕቶ እንተኾነውን ፅግዕተኛ ተበላለፅቲ ሓይሊታት ውን ክጥቀሙሉን ናብ ዘይኮነ ኣንፈት ክወስድዎ ዘይፍንቅልዎ እምኒ ከምዘየለ ብምርዳእ፣ ማንም ሰብ ዝመሰሎ ሕቶ ናይ ምቕራብ መሰል ዴሞክራሲያዊ መሰሉ ምኺኑ ብምእማን፣ ሕጋዊን ርትዓዊን ምላሽ ምሃብ ይግባእ፡፡ ስለዚ እዚ መሰረት ብምግባር ካብ ክልል ክሳብ ጣብያ ዘሎ ናይ መንግስትን ውድብን መሓውር ዝስዕቡ ነገራት ክፍፅም ኣለዎ ይብል፡-

- እዞም ሓይሊታት /ኣብላዕሊ ዝነፀርኩዎም 4 ኣሰላልፋታት/ ብዝፈሊን፣ ንህዝቡ ሙሉእ ክብሪ ብመሃብ፣ ብናይ መገልገላይነት መንፈስ፣ ካብ ስምዒታዊነትን ዘይግብኡ ምምሕዳራዊ ስጉምቲታትን ነፃ ብዝኾነ ጭቡጥ ርትዓዊ መረዳእታታት ብምሓዝ ቀሲና ምስ ህዝቢ ምምይያጥ፤
- ናይ ወረዳና ይመለሰልና ሕቶ ንኽልዕል ምኽንያት ዝኾንዎ ፀገማት ኩሎም ክፍትሑ ዘለዎምን በቲ ሐዚ ዘሎ ኣወዳድባ ወረዳታት እንተይቀየርካ ክፍትሑ ዝኽእሉን ብምኺኖም ቅልጡፍ ምላሽ ምሃብ፣ ንኣብነት ናይ 50ሳንቲም ክፍሊት ንምኽፋል ናይ 30 ወይ 40 ቅርሺ ትራንስፖርት ምውፃእ ኣየድልን፣ ናይ ስራሕ ምልክታታት ግድን ኣብ ወረዳ ማእኸል ጥራሕ ክልጠፍ የብሉን፣ እዞም ሕቶታት እዚኦም ፈፂሙ ግዜ ክወሃቦ ዝግባእ ኣይኮነን፡፡ ከምቲ ናይ ሓደ ማእኸል ግልጋሎት ንደኣን ንህቦም ነዞም ከምዚ ዝበሉ ቀለልቲ ግን ድማ ስምዒት ዝፈጥሩ ግልጋሎታት ኣብ ጣብያ ማእኸላት ናይ ሓደ ማእኸል ግልጋሎት ክህባ ብምግባር ምፍታሕ ይከኣል፡፡
- ናይ ከባቢ ፀጥታ ኩነታትን ሓለዋን ክንክንን ተፈጥሮ ሃፍትን ደንን ዝምልከት ምዕቃብ ዝተፈፀሙን ኣብ ከይዲ ዘለዉን ፕሮጀክታት ዝምልከት ወረዳ ብምኺን ጥራሕ ኣይኮነን ዝፍፀም እዚ ብቀንድነት ናይቲ ከባቢ ህዝቢ ሓላፍነት ከምዝኾነ፣ ክሳብ ሐዚ እውን ኣብ ኩለን ወረዳታት ትግራይ ብባዕሉ ህዝብን ከባቢያዊ ምምሕዳርን ዝፍፀም እምበር ወረዳ ብዋንጭፍ ዝሕልዎ ኣይኮነን፡፡ ኣብዚ መዳይ እውን ምስ ህዝብና ቀሪብና ክንመያየጠሉን ዘለዉ ጉድለታት መንግስትን ህዝብን

ነናቶም ክወስዱ ብምግባር፣ ነዚ ጉልባብ ብምግባር ዘደናግሩ ካብ ህዝቢ ክንፀሉ ይግባእ፡፡

- እቶም ናይ ስራሕ ስእነት ፀገማት፣ ምክልኻል ናይ ዘይሕጋዊ ስደት፣ ዝብሎ ሕቶታት ትኽክለኛ ሕቶን ንመላእ ትግራይ ዝምልከት ሕቶን ምዃኑ፣ እዚ ሕቶ ብቀንዱ ኣብ መናእሰይና ዘሎ ናይ ኣተሓሳስባ ፀገም ብምቕራፍ ዝፍታሕ እንተኾነ ናይ መንግስቲ እጃም እውን ኣብ ናይ ስራሕ ዕድል ዝፈጥሩ ፕሮጀክታት ኣብ ምስራሕ፣ ስልጠናን ልቓሕን ኣብምምችቻው፣ ኣብ አወዳድባን ኣመራርሓ ስራሕን ድጋፍ ምግባርን ዕዳጋ ምትእስሳርን ክሰርሐሉ ዝግባእ ከምዝኾነ፣ እዚ ውን ግን ናይ ወረዳ ሕቶ ብምምላስ ዘይኮነስ በቲ ዘሎ ኣወዳድባውን ክምለስ ከምዝኽእል፣ ናይ ወረዳ ሕቶ ብምምላስ ግን ናብ ዝገደደ ሕፅረት ገንዘብ ዘእቱን ንቲ ህዝቢ ናብ ዝገደደ ፀገም ዘሳጥሕ ምዃኑ ብዝግባእ ክርዳእ ምግባር፣
- ጉዕዞ መንገዲ ምዕባለ ወረዳታት እናበጣጠስካ ዝርካቡ ኣፍቲ ሃገር ብምምሕዳራዊ ወፃኢታት ክሓብጥን ናይ ልምዓት ፕሮጀትታት እናመናመንካ ልምዓት ምኹላፍን ዘይኮነስ፤ ኢኮኖሚያዊ ልምዓት ብዝተረኸበ ቁፅሪ ፀገማት ህዝቢ ዝፈትሑ ብቅደም ሰዓብ ሰሪዕካን ትኹረት ሂብካን ብምስራሕ ምምሕዳራዊ ወፃኢታት ዝንክዩ ስጉምቲታት ብምውሳድ ንኣብነት ወረዳታት ምዕፃፍ፣ ዘጋጥም ክፍተት ብቴክኖሎጂ ክምላእ ምግባር፣ ከምዝኾነ ኣብኩሉ መሓውራት መንግስትን ህዝብን ምርድዳእ ምፍጣር፣
- ናይ ዓለምና ቅልጡፍ ምዕባለ ዘረጋገፃ ተሞክሮ ከምዘርእየና ብወረዳታት እናበጣጠስካ ዘይኮነስ ናብ ብጣዕሚ ውሑዳትን ብዙሕ ህዝቢ ዝሕዛ ምምሕዳራትን ምምፃእ እዩ፡፡ ንኣብነት ናይ ቻይና፣ ኮርያን ህንድን ከተማታት እንተወሲድና ኣብ ሓንቲ ከተማ ልዕሊ 20 ሚልዮን ህዝቢ ዝነብረለን እየን፡፡ <u>***ንሕና ግን 5 ሚልየን ህዝቢ ሒዝና ኣብ 81 ወረዳ ንበታትኖ ንብል ኣለና***</u>፡፡ <u>***እዚ ከዓ መንገዲ ልምዓት መንገዲ ወያናይ ዴሞክራሲ ዘይኮነስ መንገዲ ዕንወትን ጥፍኣትን መንገዲ ዘይፍትሓዊ ጉዕዞ ከምዝኾነ ብግልፂ ክፈልጥን ብልቢ ክነእምንን ፃዕርን ቃልስን ክንገብር ይግባእ፤***</u>
- ናይ ዝዓበያ ዓድታት ተሞክሮ ከምዝሕብር ምምሕዳራዊን ድጋፍን ወፃኢታት ካብ 5% ዝዓቢ ኣይኮነን፣ ናትና ግን ልዕሊ 35% እዩ፡፡ እዚ ብጣዕሚ ብዙሕ ብምዃኑ፣ ነዚ ንምቕናስ መንግስቲ ካብ ሐዚ ጀሚሩ ስጉምትታት ንምውሳድ መፅናዕቲ ክገብር ይግባእ፣ ምኽንያቱ ዕብየት ኣብዘረጋገፅና ቁፅሪ ተወሳኺ ጠለብ ልምዓት ምምፅኡ

ግድን እዩ፣ ነዚ ድማ እቲ ልምዓት ዝፈጥሮ እቶት ጥራሕ ዝኽእሎ ኣይኮነን ስለዚ ናይ ኣወዳድባ ምትዕርራይ ብምግባር፣ ቴክኖሎጂታት ብምጥቃም ምምሕዳራዊ ወፃኢታት ብምቕናስ ጥራሕ ዘይኮነስ ናይ ሰናይ ምምሕዳር ፀገማት ኣብኡ እንተሎ ስለዝፈትሕ ዕግበት ህዝቢ ክረጋገፅ ይገብር፡፡ ስለዚ ንዝመፅእ ናይ ህዝብና ናይ ልምዓት ጠለብ 35% ምምሕዳራዊ ወፃእ ሒዝካ ዝማላእ ኣይኮነን ስለዚ እተን ዘለዋ ወረዳታት እውን ምስቲ በቒሕናዮ ዘለና ዝርገሐ መሰረተ ልምዓት ብምትእስሳር ብፍርቂ እንድሕር ነኪናየን ምምሕዳራዊ ወፃኢና ናብ 17.5% ክወርድ ብምግባር እዚ ዝተረኽበ 17.5% ባጀት ንልምዓት ተኮርን ስራሕ ፈጠራን ብምውዓል ጠለብ ልምዓት ህዝብና ኣብ ምምላእ ናይ ባዕሉ እጃም ክህልዎ እዩ፡፡ ከምቲ ኣብ ላዕሊ ቁፅሪ 8 ዝረኣናዮ እዚ ብምግባር ናይ GTP 2 ትልምና (ብ0.9 ዓመት) ዳርጋ ብሓደ ዓመት ክነሕፅሮ ንኽእል፡፡

**የቐንየለይ**
**ካብ ህዳሰ ኢትዮጵያ**
**ሚያዝያ 30፣ 2008 ዓ.ም.**
**መቐለ**